# ሓዳስ ኤርትራ


መበል 33 ዓመት ቁ.280 ሰሉስ 23 ሓምለ 2024 ገጻት 8 ዋጋ 2.00 ናቕፋ


ገጽ 2
ዜና

ገጽ 3
"ምሕረት ምግባር፡ መሰረት እምነትናን ባህልናን'ዩ!" ሰድራቤት ነፍ/ሄር ልዋም ሰሎሞን


ገጽ 4
ኩሉ ሰብ ክሰዕስዕ ይኽእል'ዩ


ገጽ 5
ስነ-ስርዓት መመረቕታ ኮሌጅ ሕርሻ . . .


ገጽ 7

ቢኒ፡ ኣብነት ንወለዶታት ቅድድም ብሽክለታ


## ልኡኽ ኤርትራ፡ ኣብ ዋዕላ ፈጻሚ ቤት-ምኽሪ ሚኒስተራት ሕብረት ኣፍሪቃ ተሳቲፉ




ብፈጻሚ ጉዳያት ኤምባሲ ኤርትራ ኣብ ኢትዮጵያን ቀዋሚ ልኡኽ ኣብ ሕብረት ኣፍሪቃን ቁጠባዊ ኮሚሽን ኣፍሪቃን ኣቶ ቢንያም በርህ ዝተመርሐ ልኡኽ ኤርትራ፡ ብ18ን 19ን ሓምለ ኣብ ኣክራ - ጋና ኣብ ዝተቓነወ መበል 45 ስሩዕ ዋዕላ ፈጻሚ ቤት-ምኽሪ ሚኒስተራት ተሳቲፉ።

እቲ ዋዕላ፡ ኣብ ኣገባብ ተሳትፎን ቀዳምነታትን ሕብረት ኣፍሪቃ ኣብ ጉጅለ 20፣ ከምኡ'ውን ንድፌ መቓን ስትራተጅን ፖሊሲን ሕብረት ኣፍሪቃ ኣብ መዓልቦ ንምብጻሕ ዝዓለመ ዘተ ድሕሪ ምኪያድ፡ መሰርሕ ጸገኛ ቅርጺ ሕብረት ኣፍሪቃ ንምጽፋፍ ኣብ ምርድዳእ በጺሑ፡ ናይ 2025 ባጀት ኣጽዲቑ።

ልኡኽ ኤርትራ፡ ኣብ ቀንዲ መዛረቢ ዛዕባታት ናይ'ቲ ዋዕላ፡ ፖሊሲን መርገጽን መንግስቲ ኤርትራ ዘጽርር መግለጺ ኣቕሪቡ።

ኣብ ጉዳይ ምስላዕ ባጀት 2025፡ ልኡኽ ኤርትራ፡ ብቐጻሊ ዝርአ ልዑል ጽግዕተኛነት ሕብረት ኣፍሪቃ ኣብ ልዕሊ ናይ ጉዳእ ርእሶም ኣጀንዳታት ዘለዎም መሻርኽቲ ስክፍታ ከምዘለዎ ብምጥቃስ፡ ኣጠቓሊሉ፡ መዛኢ ኣገባብ ምኽታት ዘቤታዊ ፋይናንሳዊ ጺጋታት ክተኣታቶ ጸዊዑ።

ክትግበሩ ዝሕለኑ መደባት፡ ወጻኢታት ብዘየገድስ ኣገባብ ክፍጸሙን ኣብ ናይ ምምዋል ዓቕሚ ናይ'ቲ ሕብረት ዝጥመሩን ክኾኑ ዘኽእል ስትራተጂያዊ ቀዳምነታት ክሰርዕን ከፈላዊ ክፍሊት ኣባላት ሃገራት ብሃገራዊ ባጠራታት ክትግበርን ከምዘድልዩ፡ ኣብ ምጽፋፍ ንድፌ መቓን ስትራተጅን ፖሊሲን ሕብረት ኣፍሪቃ ድማ፡ ኣመና ዝተደናገየ መሰርሕ ምዝዛም ብዘቐልጠፈ ተዛዚሙ፡ እቲ ሰነድ ክጸድቕን ኣብ ተግባር ክውዕልን ኣጉዳሲ ከምዝኾነ ኣገንዚቡ።

ልኡኽ ኤርትራ ጐድኒ-ጐድኒ'ቲ ኣኼባ፡ ምስ ወከልቲ ኣባል ሃገራትን ሓለፍቲ ኣካላት ሕብረት ኣፍሪቃን፡ ኣብ ምሕያል ዝምድናታት ዘተኮረ ዘተ ኣካዪዱ።

## ኮሌጅ ምህንድስናን ቴክኖሎጂን ማይ-ነፍሒ 381 ተመሃሮ ኣመሪቑ





ኮሌጅ ምህንድስናን ቴክኖሎጂን ማይ-ነፍሒ፡ ብ21 ሓምለ ኣብ ዘካየዶ መበል 17 ስነ-ስርዓት መመረቕታ፡ 37 ማእታዊት ደቂ-ኣንስትዮ ዝርከብኦም 381 ተመሃሮ ብዲግሪን ዲፕሎማን ኣመሪቑ።

እቶም ብዲግሪ ዝተመረቑ ብምህንድስና ስነ-ቀመም፡ ምህንድስና ዕደና፡ ሲቪላዊ ምህንድስና፡ ሜካኒካዊ ምህንድስና፡ ስነ-ፍልጠትን ምህንድስናን ኮምፕዩተር፡ ኤሌክትሪካውን ኤሌክትሮኒካውን ምህንድስና፡ ምህንድስና ስነ-ባሕርን ሕርሻዊ ምህንድስናን እዮም ናይ 5 ዓመት ትምህርቶም ዛዚሞም።

ብዲፕሎማ ዝተመረቑ ድማ፡ ቴክኖሎጂ ኤሌክትሮኒክስ፡ ቴክኖሎጂ ዕደና፡ ንድፊን ቅየሳን፡ ቴክኖሎጂ መተግበሪታት ኮምፕዩተር፡ ቴክኖሎጂ ኮምፕዩተርን ምትእስሳር መርበባትን፡ ኤሌክትሪካዊ ቴክኖሎጂ፡ ቴክኖሎጂ ተሽከርከርቲ፡ ቴክኖሎጂ ስነ-ህንጻ፡ ከምኡ'ውን ቴክኖሎጂ ምብራድን ምጥቁኣየርን ናይ 3 ዓመት ትምህርቲ ዝተኸታተሉ እዮም።


ናይ ክብሪ ዕዱም - ሚኒስተር ህንጻ ኣቶ ኣብርሃ ኣስፍሃ፡ ኣጉዳስነትን እዋናውነትን ተመረቕቲ ሐዞምዎ ዘለዉ ዓውድታት - ብመንጽር መደባት ህንጸት ሃገር ብምጥቃስ፡ ዝቐሰምዎ ፍልጠት ኣብ ረብሓ ሕብረተ-ሰቦምን ሃገሮምን ከውዕልዎ ኣዘኻኺሩ።

ዲን ኮሌጅ ዶ/ር ኣርኣያ ዘርኣይ እውን፡ ተመረቕቲ ንህንጸት ሃገር ዝበቅዕ ዓቕሚ ደለቦም ምህላዎም ብምጥቃስ፡ ፍልጠቶም፡ ክእለቶምን ዓቕሞምን ብስራሕን ቀጻሊ ትምህርትን ከበርኹ ተላቢዩዎም።

## ተጋዳላይ ፍስሓጼን ኣበበ ተሰዊኡ

ጉዱም ተጋዳላይ ፍስሓጼን ኣበበ ረዳ፡ ብ21 ሓምለ ኣብ መበል 70 ዓመት ዕድሜኡ ብሕማም ተሰዊኡ።

ኣብ 1974 ናብ መሳርዕ ህዝባዊ ሓይልታት ሓርነት ኤርትራ ዝተሰለፈ ተጋዳላይ ፍስሓጼን ኣበበ፡ ኣብ እዋን ሓርነታዊ ቃልሲ ኣብ ሓለዋ ሰውራን ተዋጋኢ ሰራዊትን፡ ድሕሪ ናጽነት ድማ ካብ 2004 ክሳብ ዕለተ ማስዋእቱ ኣብ ቤት-ጽሕፈት ህግደፍ ዞባ ማእከል ከም ሓላፊ ጨንፈር ስሩዳ ኩይኑ፡ ንህዝቡን ሃገሩን ብተወፋይነት ዘገልገለ ሓርበኛ እዩ።



ስውእ ተጋዳላይ ፍስሓጼን ኣበበ፡ በዓል ሓዳርን ኣቦ ሓሙሽተ ደቂን እዩ።

ስነ-ስርዓት ቀብሩ፡ ትማሊ 22 ሓምለ ኣብ መቓብር ሓርበኛታት ኣስመራ ተፈጺሙ።

ቤት-ጽሕፈት ህግደፍ ዞባ ማእከል፡ ብማስዋእቲ ኣባሉ - ጉዱም ተጋዳላይ ፍስሓጼን ኣበበ ዝተሰመዖ ሓዘን እናገለጸ፡ ንስድራቤቱ፡ መቓልስቱን መሳርሕቱን "ጽንዓት ይሃብኩም" ኢሉ።

ዜና

# ፖሊስ ዞባ ማእከል፡ ሕብረተ-ሰብ ኣብ ኣተሓሕዛ ንብረት ጥንቃቐ ከዘውትር መኺሩ





ሕብረተሰብ ኣብ ኣተሓሕዛ ንብረቱ ጥንቃቐ ከዘውትር፡ ኣዛዚ ፖሊስ ዞባ ማእከል ሌተና ኮሎኔል ግርማይ ገብረሚካኤል፡ ብ17ን 18ን ሓምለ ምስ ነበርቲ ንኡሳን ዞባታት ኣርባዕተ ኣስመራን ኣኽርያን ኣብ ዝገበሮ ዘተ ኣተሓሳሰበ።

ኣብ ዝሓለፈ 6 ኣዋርሕ ብዞባ ደረጃ 1,218 ገበናትን 4,158 በደላትን ከምእተመዝገበ፡ "ፈጸምቶም ዘይተፈልጡ" ተባሂሎም ተመዝጊቦም ካብ ዝጸንሑ ጉዳያት ድማ፡ ናይ'ቶም 58 ብጻዕሪ መርመርትን ምትሕብባር ህዝብን ተቓሊዖም ኣብ ሕጊ ከምዝቐረቡ ገሊጹ።

ኮሎኔል ግርማይ፡ ሕግታት ትራፊክ ናይ ዘጡሓሳ ተሽከርከርቲ ኣብ ተመሳሳሊ ግዜ ናይ 2023 ክጻጸር እንከሎ - ብ24.5 ሚእታዊት ከምዝጎደለ፣ 1,316 ሓደጋታት ኣጋጢሙ - ብሰንኩ 13 ሞት፡ 77 ከቢድ፡ 205 ቀሊል መቑሰልቲ ከምዝሰዓበ፣ ኣብ ንብረት ድማ - ናይ 12 ሚልዮን ናቕፋ ዕንወት ከምዘወረደ ኣብሪሁ።

ተሳተፍቲ ኣብ መወዳእታ፡ እቲ ንገበኛታት ዘውሃብ ፍርዲ ደፊኡስ ስለዘሎ - ክኸለስ፣ ፖሊስ ንሓገዝ ኣብ ዝጽውዓሉ - ቅልጡፍ መልሲ ክህብ ተላቢዮም።

# ማእከል - ኣብ ምኽባር መሰላት ቈልዑ ዘተኰረ ኣስተምህሮ ተዋሂቡ





ኣብ ዞባ ማእከል - ንኡስ ዞባ ዕዳጋ ሓሙስ፡ ብ18 ሓምለ ኣብ ምኽባር ማሰላት ቈልዑን ምውጋድ ሃሰይቲ ልምድታትን ዘተኰረ - ብወከልቲ ጨናፍር ሚኒስትሪታት ጥዕናን ዕዮን ማሕበራዊ ድሕነትን ዝተወደበ ኣስተምህሮ ተዋሂቡ።

ኣብ'ቲ ኣስተምህሮ፡ ኣብ ዕድመ ወሊድ ዝርከባ ደቂ-ኣንስትዮ፡ መራሕቲ ሃይማኖትን ካልኦት ጸለውቲ ሰባትን ከምኡ'ውን ወከልቲ ጥዕና ምምሕዳራት ከበቢ ተሳቲፎም።

ህጻናት፡ ክሳብ ንዓቕሚ ኣዳምን ዓቕሚ ሄዋንን ዝበቕዑ ኣደላዪ ናብዮትን ክንክንን ከምዝድልዮም ዝሓበሩ'ቶም ሞያውያን፡ መሰረታዊ ናይ ትምህርትን ጥዕናን መሰላት ክረኽቡ፣ ተመሃሮ ደቂ-ኣንስትዮ እውን ካብ መኣዲ ትምህርቲ ከይሰናኸላ ኩሉ ዜጋ እጃሙ ከበርክት ኣዘኻኺሮም።

ኣብ ጨንፈር ሚኒስትሪ ዕዮን ማሕበራዊ ድሕነት ዞባ ማእከል ክኢላ ማሕበራዊ ድሕነት ኣቶ መሓሪ ወልደኪሮስ፡ ብፍላይ ምስ ስንክልና ዝነብሩ ህጻናት ዝያዳ ኣደነህ ክወሃቦም ኣተሓሳሰበ።

ኣመሓዳሪት ንኡስ ዞባ ዕዳጋ ሓሙስ ወ/ሮ ሳሊሓ መሓመድዓሊ፡ እቲ ኣስተምህሮ ኣብ ግብሪ ክውዕል - ተሳተፍቲ ክተግሁ ብምትሕስሳብ፡ ምክትታሎም ከዕዝዙ ተላቢዮ።

ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ
ኣስፍሃ ተኽለማርያም

ምክትል ኣሰናዳኢ
ብርሃነ ምሕረትኣብ
ቍ.ስ 116266 / 201820 (256)

ቦርድ ምስንዳእ
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ
ተስፋልደት መብራህቱ
ቍ.ስ 201820 (250)
ፋክስ. 127749 - ቍ.ሳ.ጶ. 247

ለይ-ኣውት
ቤተልሄም ታደሰ
ፍርቱና ኤፍሬም
ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቍ.ስ.200454-07121322
ምልክታ
ቍ.ስ 125013 - ቍ.ሳ.ጶ. 1284

# ብተመሃሮ ንልምዓት ውጽኢታዊ ስራሕ ይሰላሰል ኣሎ

ኣብ ዞባ ማእከል፡ ብወፍሪ ተመሃሮ ንልምዓት ውጽኢታዊ ስራሓት ይዕመም ከምዘሎ፡ ኣብ ጨንፈር ሚኒስትሪ ትምህርቲ - ኣወሃሃዲ ናይ'ቲ ወፍሪ መምህር ጉይትኦም የማነ ሓቢሩ።

መምህር ጉይትኦም፡ ኣብ'ዚ 8 ሓምለ ዝጀመረን ክሳብ 17 ነሓሰ ዝቕጽልን መደብ፡ 8,500 ተመሃሮ ኣብ 42 ነቑጣታት ተዋፊሮም፡ ምዕቃብ ማይን ሓመድን ምድላው ጕዳጕድን ምትካል ፈልሲታትን፡ ምክትታል ድሕነት ትራፊክ ጽርግያ፡ ከምኡ'ውን ምጽፋፍ ሰፈራት ኣብያተ-ጽሕፈት መንግስቲ ዘጠቓልል ዕዮ ይዓምሙ ከምዘለዉ ኣረዲኡ።

ለሚ ዓመት፡ ልዕሊ 500 ሽሕ ጕዳጕዲ ብምኹዓት ፈልሲታት ምትካል፡ ከምኡ'ውን ምስራሕን ምጽጋንን ልዕሊ 1 ሚልዮን ሜትሮ ቅናታዊ ዛላ ዘጠቓልል መደብ ክትግበር ወጥን ከምዘወጸአ እውን ኣብሪሁ።

ኣብ'ዚ ብኣላይነት ክኢላታት ሕርሻ፡ መማህራንን ኣጋር ሓላይምን ዝሰላሰል ዘሎ መደብ፡ 96 ሚእታዊት ካብ ወፋሮ ኣብ ዕቃብ ሓመድን ማይን፡ 4 ሚእታዊት ድማ ኣብ'ቲ ካልእ ንጥፈት ተዋፊሮም ኣለዉ።



# ስድራቤት

ዮሴፍ ሃይለማርያም

## “ምሕረት ምግባር፡ መሰረት እምነትናን ባህልናን'ዩ!”

### ስድራቤት ነፍ/ሄር ልዋም ሰሎሞን



ስድራቤት መዋቲት

*ኣብ ሕብረተሰብ ኤርትራ፡ ብዙሓት መዳርግቲ ዘይብሎም ክብርታት ከም ዘለዉ ኩልና እንፈልጦ ሓቂ'ዩ። እዞም ማዕረ ኣልቦ ዝኾኑ ክብርታት ናብ ወለዶ ንምስግጋሮም ከኣ ሓላፍነት ኩልና ይኸውን። ሓደ ካብ'ዞም ንጹባቓ ሕብረተሰብና ኣጉሊሖም ዘርእዩ ክብርታት፡ ብደንገት ኣብ ዘጋጥም ሞት ዝወገን ኣገዛብ ምሕረትን ዕርቅን'ዩ። እምበኣርከስ፡ ኑቶም እዚ ረዚን ባህሊ'ዚ ዘተግብርዎ መርኣያ ክብረቶምን ርዝነቶምን ስለዝኾነ ቀጺልዎ ንምግላጽ፡ ኑቶም ክብርታት ሕብረተሰብ ገቲዮም ብኣቦታትናን ኣቦሓጎታትናን ዘይጸንሐ ሰሰዕ ባህርያት ዘርእዩ ብኣጸብዕ ዝቖጸሩ በዕቲ ጋር-ኑቢ ወልቀ-ሰባት ድማ፡ ዓይናም ኩሎዮን ክበራቡሩን ንምዝኽኻር፡ ቀጺልና - ብሰናይ ደሌትን ምርድዳእን ስድራቤት መዋቲ ብምዕሩግ ኣገዛብ ዕርቂን ምሕረትን ናይ ዝደቀሰ ሞት ዘስዓበ ሓደጋ ክንዕልልኩም።*

እቲ ናይ ሞት ሓደጋ፡ ኣብ መንነ ዓዲ-ኣቢይቶን ኣስመራን'ዩ ዕለቢ 28 ሰነ 2024 ድሕሪ ቐትሪ ኣጋጢሙ። ፈጻሚ ሓደጋ፡ መራሒ ቀያሕ ኣውቶቡስ ኣቶ ተስፋይ ቀሺ ጉብረገርግስ ኰይኑ፡ ብእግራ ትጓዓዝ ንዝነበረት መንእሰይ ልዋም ሰሎሞን ገ/መስቀል በታ ዝመርሓ ዝነበረ ናይ ህዝቢ ኣውቶቡስ ሃሪሙ ሞት ዘበጽሐ ሓደጋ ኣውሪዱላ። ጓል 28 ዓመት ልዋም፡ ኣባል 28 ዙርያ ሃገራዊ ኣገልግሎት ኰይና፡ ኣብ ሆስፒታል ኦሮታ'ያ ትሰርሕ ነይራ። ኣብ'ታ፡ ካብ'ዛ ዓለም ብሞት ዝተፈለየትላ ዕለት ከኣ፡ ናይ ንግሆ ስራሓ ወፊራ፡ ብድሕሪኡ ናብ ንግደት ማርያም በለዛ ከይዳ። ንግደት ወዲኣ ናብ ኣስመራ ብእግራ እናመጸኣት ድማ'ዩ፡ በታ ካብ በለዛ ትመጽእ ዝነበረት ቀያሕ ኣውቶቡስ ተሃሪማ - ሸዑ-ንሸዑ ዓሪፋ። ብሰንበት 30 ሰነ ከኣ ኣብ መካነ መቓብር ሓርበኛታት - ኣስመራ ብኩብ ዝበለ ስነ-ስርዓት ሓመድ ኣዳም ለቢሳ። ዕድመኣ፡ ናይ ሳዋ ዙርን ዝዓረፈትሉ ዕለትን ቁጽሪ - ሓደ ምኳኑ፡ ካብ'ቲ ዘገርም ፍጻመ ናይ ነፍሰሄር ልዋም እዩ።

ፈጻሚ ሓደጋ፡ ብሶላ ምሕረት ስድራቤት መዋቲ፡ ሽዑ ካብ ቤት ማእሰርቲ ብዋሕስ ከም ዝወጽእ ተገይሩ። እዚ ዝተፈጸመ ሞት ዘስዓበ ሓደጋ መዕለቢ ንምግባር ከኣ፡ ክልቲኦም ስድራቤታት ብመንገዲ ካብ ክልቲኦም ዝወጽኡት ናይ ዕርቂ ኮሚቴ ዘድሊ ምርድዳእ ምስ ተገብረ፡ ብዕለት 15 ሓምለ፡ ኣብ መንነዞም ክልተ ስድራቤታት ወግዓዊ ናይ ዕርቂ ስነ-ስርዓት ተፈጺሙ ኣሎ።

ኣብ'ቲ ናይ ዕርቂ ዕለት፡ ፈጻሚ ሓደጋ ኣቶ ተስፋይ ቀሺ ጉብረገርግስ፡ ቤተሰቡ ኣምሪሑ'ዩ ኣብ ቅድሚ ስድራቤት ነፍሰሄር ልዋም ሰሎሞን ቀሪቡ። ኑቲ ናይ ዕርቂ መደብ ብጸሎት ዝኸፈትዎ ቀሺ ዳኒኤል ሰመረ ጉብረመድህን፡ ተቛጺሮም ምርኻቦም ንፈጣሪ ድሕሪ ምምስጋኑ፡ ብስድራቤት መዋቲ ንዝተገብረሎም ኩሉ መዳያዊ ኣቀባብላን ኣኽብሮትን ምስጋናኦም ኣቕሪቦም። ስድራቤት መዋቲ፡ ኑታ ኣብ ምድሪ ኩነ ኣብ ሰማይ መለክዒ ዘይብላ ምሕረት ምምራጾም፡ መርኣያ እምነቶምን ብሃገር ደረጃ ዝግለጽ ኣብነታዊ ቅዱስ ተግባሮምን ምኳኑ ድማ ሓቢሮም።

ቀጺሎም በቲ ዝተፈጸመ ስነ-ስርዓት ዕርቂ ዝተሰመዖም ሩፍታን ባህታን ቃሎም ዘስምዑ ካብ ስድራቤት ፈጻሚ ሓደጋ ቀሺ ፍስሓጽዮን ተስፋሚካኤል እዮም። ንሶም፡ “ሰብ ብገዛእ ዘይኮነ ብሰላም፡ ብፍቕሪ፡ ብምሕረት እዩ ዝነብር። ንሽኻትኩም ድማ ሓሲብኩምን መኺርኩምን፡ መርኣያ እምነትኩም ዝኾነ ምሕረት ምምራጽኩም፡ ጸጋኹም ካብ ኣምላኽ ርኺብኩም። ገይርኩምዎ ዘለኹም ቅዱስ ተግባር ድማ፡ ዝነበረኩምን ዘለኹምን መግለጺ ክብረትኩምን እምነትኩምን ኮይኑ ንወለዶታት ክዝንቶ'ዩ” ኢሎም። ካብ ወገን ፈጻሚ ሓደጋ ቀሺ ሃብታይ ከስተን ቀሺ ቴድሮስ ወልዳይን ብወገኖም፡ “ምሕረት ምግባር ኣሸንኳይ ንፈጻሚ ገበን፡ ንሰማዒኡ ከይተረፈ'ዩ ባህታን ፍስሃን ዝፈጥር። ብሩኻትን ደቂ ቤተክርስትያንን ስለ ዝኾንኩም ከኣ፡ ፈጺምኩምዎ ዘለኹም ቅዱስ ተግባር፡ ንኽብረትኩምን ጭውነትኩምን ዘጉልሕ እዩ። ስለ'ዚ፡ ፍቓድ ኣምላኽ ብምፍጻምኩም ሕቡናት ኢና፡ ጸጋኹም ድማ ካብ ኣምላኽ ርኺብኩም። እዚ ተወሲዱ ዘሎ ምሕረት፡ ክሰዓብ ዘለዎ ጽቡቕ ኣብነት ስለዝኾነ፡ ቅዱስ ምርጫ እዩ” ክብሉ ገሊጾም።

“ሓደጋ ወዚቢ'ኳ እንተኾነ፡ በቲ ዘይተሓሰበ ፍጻመ ኣዚና ኢና ጉሂና፡ ግን ዘይምለስ ኰይኑና። ኣምላኽ ግን ኣብ'ኹም ኣብ ሕያዎት፡ ፈቃራትን ምሕረት ዘቐድሙን ስድራቤት ስለዘውደቐና፡ ሩፍታ ተሰሚዑና። ኣፍኩም ክንመልእ ኣብ ዝመጻእናሉ፡ ኑቲ ከቢድ ሓዘን ተጻዊርኩም ብጽቡቕ መልሓስን ጽቡቕ ግብርን ኢኹም ተቐቢልኩምና። ናይ ብሓቂ ከኣ ኣመስጊንና። እዚ፡ ሕውነት ክንተኽለሉን ፍቕሪ ክንትክኣሉን እምበ፡

ስድራቤት መዋቲት

ከም'ቲ 'ክቡር መጠን ኑብሱ የኽብረካ' ዝተባህለ፡ 'ካባኹም እንደልዮ ነገር የለን፡ እቲ ንደልዮ ፍቕሪን ሰላምን'ዩ' ኢልኩም፡ ኑቲ ጉዳይ ብዕርቂን ምሉእ ምሕረትን ምዝዛምኩም ከኣ፡ መርኣያ ክብረትኩምን ጭዋ ባህልናን ስለዝኾነ፡ ወትሩ እናተዘከርኩም ክትንበሩ ክንበርኩም'ዩ። ሂብኩምና ዘለኹም ምሕረት ድማ፡ ብምድሪን ሰማይን ካብ ኣምላኽ ርኺብዎ። ወሲድኩምዎ ዘለኹም ስጉምቲ፡ ንሃገርናን ንህዝብናን ጽቡቕ ኣብነት ብምኳኑ ድማ፡ ኩሉ ዜጋ ክኽተሎ ዘለዎ ረዚን ኤርትራዊ ባህሊ'ዩ። ንመዋቲት ጓልና ልዋም ሰሎሞን፡ መንግስተ ሰማይ፡ ንኹልና ድማ ጽንዓት ይሃበና - የቐንየልና ክብረት ይሃብልና” ክብሉ ቃሎም ዘስምዑ ከኣ፡ ካብ ስድራቤት ፈጻሚ ሓደጋ መም/እዝራ ወልዱ፡ ኣቶ የማነ ተኽለኣብ፡ ኣቶ ግርማይ ገ/ሄርን ተጋ/ዓንደብርሃን ፍስሃየን እዮም።

ካብ ቤተሰብ ፈጻሚ ሓደጋ ተቐማጢ ከባቢ ፎርቶ ተጋ/ሃብተገርግሽ ተኽለማርያም (ኣርገፈሉ) ብወገኑ፡ “እዚ ተገይሩልና ዘሎ ምሕረት፡ መሰረት ሕብረተሰብና'ዩ። ከም'ዚ ኢሉ እናተወራረሰ ምኻዱ ከኣ፡ ኣሐጉሰኒ። ሕጂ ከኣ፡ ስድራቤት መዋቲት፡ ኣብ ልዕሊ ፈጻሚ ሓደጋ፡ ከይወዓሉ ከይሓደሩ፡ ምሕረት ገይሮም ብሰላማዊ መገዲ ብዕርቂ ከደቅስዎ ምኽኣሎም፡ እዚ ንመዋእልን ዘንትእለትን ተዘኪሩ ዝነብር፡ ክቡርን ወርሻን ሕብረተሰብ ዝኾነ ዕርቂ ምምራጾም፡ ኣመና ኣመስጊነዮም፡ ጸጋኦም ድማ ካብ ፈጣሪ ይርከቦም። ልዋም ከኣ፡ ኅረቤተይ እያ፣ ምስ ደቀይ እናተጻወተት'ያ ዓብያ። ኣቦኣ ክንርኢ እናተመሃና ከም'ዚ ኢላ ካብ መንገና ምፍላያ፡ መሪር ሓዘን እዩ ተሰሚዑና።

የግዱ፡ ኣምላኽ ዝሓሰቦ ስለዝይተርፍ ናብ ዓዲ እዝጊሄር ከይዳ ኣላ፡ ከም ሰማ ግን፡ ልዋም ረኺባ ክትነብር'ያ። ተሪፎም ዘለዉ ጓላን ወድን ኣሕዋታ ከኣ፡ ንሸሉ ተኪኦም ዝፈርዩ ይግበሮም” ክብል ገሊጹ።

ብስድራቤት ፈጻሚ ሓደጋ እኹል ናይ ምስጋና ቃል ምስ ቀረበ፡ ብወገን ወሃቢቲ ምሕረት ዝኾኑ ስድራቤት መዋቲ'ዩ እዚ ዝስዕብ ናይ ምሕረት ቃል ተሰሚዑ። “ልዋም፡ ጓል ሰውእ ሓውና'ያ። ክሳብ ሕጂ ከኣ ብዘወፋይነት ሃገራዊ ግቡእ እናፈጸመት'ያ ጸኒሓ። የግዱ፡ ሓደጋ ወዚቢ ስለ ዝኾነ፡ ፍቓድ ኣምላኽ ድማ ክስገር ስለዘይክእል፡ ክብርቲ ጓልና ብሓደጋ ተፈልያትና። ሕጂ ከኣ፡ ጋር-ነፍሲ ልዋም ጓልና ክንብልዕ ኑብስና ስለዘይጉብረልና፡ ኩልና ስድራቤት ተላዚብና ፍቕርን ምሕረትን ክንገብር ኢና ወሲንና። ምኽንያቱ፡ እምነትናን ባህልናን ምሕረት ስለዝኾነ፡ እዚ ከኣ፡ መመለሲ ዘለገሰ፣ ህዝብናን መንግስትናን ዝደገፎ፡ ብዓብኡ'ውን ኣምላኽ ዝደገፎ ቅዱስ ተግባር ስለዝኾነ፡ ክንምሕር ሓይሊ ንዘለና ፈጣሪ ነመስግን” ዝበሉ ከኣ፡ ንመዋቲት ሓወብታታ ኣቶ ዳኒኤል ገ/መስቀልን ኣቶ ዓንደሚካኤል ገ/መስቀልን፡ ከምኡ'ውን ኣሞ መዋቲት ወ/ሮ ኣዜብ ገ/መስቀል እዮም።

ኣደ መዋቲት፡ ወ/ሮ ሰናይት ህንጻ - ኣብ ዓዲ ሰደት እያ ትቕመጥ። ጓላ ብሓደጋ ከም ዝሞተት ተነጊሩዋ እያ ድሕሪ ሸሞንተ ዓመት መጺኣ። “ስድራቤተይን ኣሕዋተይን፡ ሓወብታታን ኣሞታታን ወዲኦምዎ እዮም። ልክዕ'ዩ፡ ጓለይ ጓል 28 ዓመት'ያ። ሎሚደ ጸባሕ የመርዕዋ እናበልኩ'ያ ተኸሊፋትኒ። ግና፡ እንታይ እሞ ክንገብር'ዩ፣ ሓሳብ ፈጣሪ ዘይተርፍ ኰይኑ። ሕጂ ከኣ፡ ምሕረት መውዳድርቲ ስለዘይብላ ኣብ'ቲ ንሶም ዝበልዎ ዝወሰኾ ወይ ዘጉድሎ የብለይን” ክትብል ቃላ ኣሰሚዓ። ንልዋም ኣኮኣ ኣቶ ተወልደ ህንጻ'ውን፡ “ልዋም ጓልና፡ ሕያወይቲን ፍርሃት ኣምላኽ ዝነበራን ቁልዓ'ያ ነይራ። ኣብ ንኡስ ዕድመኣ ምፍላያ፡ ከቢድ ሓዘን'ኳ እንተ ኣውረደልና፡ ኣምላኽ ንዕኡ ክትከውን ካብ ሓረየ - ዝግበር ነገር የለን። ሕጂ ከኣ፡ ምሕረት ገይርና ኣለና፣ እዚ ምሕረት እዚ፡ ኣቦታትና ዘጽንሑልና ክቡር እምነትን ባህልን ስለዝኾነ፡ ኩልና ክንክተሎ ይግባእ” ኢሉ።

ቀጺሎም፡ ካብ ቤተሰብ መዋቲት ቃሎም ካብ ዘስምዑ ሌ/ኮ ኢዮብ ነጋሲ፡ ኣቶ ሰመረ ኣጸረኣብን ወ/ሮ ሕርይት ሃብተን ኰይኖም፡ “ልዋም ጓልና፡ ጓል ሰውእ ሓውና እያ። ንሳ ክትቅተል ኣቶ ተስፋይ ድማ ክቐትል ኣይወፈሩን፡



መዋቲት ልዋም ሰሎሞን

ፍቓድ ኣምላኽ ክስገር ስለዘይክእል ግን፡ ንግደት ማርያም በለዛ ወዲኣ ብእግራ ንገዛኣ እናተመልሰት፡ ዘይተሓሰቦ ሞት ዘስዓበ ሓደጋ ኣጋጢሙዋ። በዚ ናታ ሞት ዘይተሓዘ ሰብ ኣይነበረን። ኣብ ቀብራ ዝወዓለ ህዝቢ፡ ምስክር ናይ'ዚ እዩ። ንሽኻትኩም ከኣ፡ ካብታ ጓልና ብሞኪና ተሃሪማ ዝሞተትላ ኣትሒዝኩም፡ ክሳብ'ዛ ዕለት'ዚኣ ካባና ከይተፈለኹም ብምጽኡ ስለ ዝደበስኩምና የቐንየልና። ዘርኣኹምና ሕያውነትን ገጽን ደቢሱና እዩ። ሕጂ ከኣ፡ ንገዛእ ሕልናዊ ሩፍታን ደቢስን ከምጽኣልካ ስለዘይክእል፡ ንጓልና ብገዛእ ኣይንትምኖን ኢና። እዚ ሂብናዮ ዘለና ምሕረት ከኣ፡ ሕጂ ደኣ ወግዓዊ ገይርናዮ'ምበር ድሕሪ ሞት ጓልና ሽዑ ኢና ወሲንናዮ። እዚ ክቡር ባህልና ድማ፡ ኩልና ክንዕቅቦን ናብ ዝቕጽል ወለዶ ንምስግጋሩ ክንደፍኣሉን በዚ ኣጋጣሚ ዝኽኽር” ክብሉ ተዛሪቦም።

ኣብ መወዳእታ ፈጻሚ ሓደጋ ኣቶ ተስፋይ ቀሺ ጉብረገርግስ፡ ስለ'ቲ ካብ ሂወቱ ዘይርስዖ ዝተገብረሉ ምሕረት'ዩ እዚ ዝስዕብ ሓጺር ቃል ተዛሪቡ - “ክቡራት ስድራ፡ እቲ ዘጋጠመኒ ነገር ከቢድ'ኳ እንተኾነ፡ ኣምላኽ ግን ኣብ ሕያዎትን ጥዑማትን ገዛ ስለ ዘውደቐኒ፡ ኣዝዩ እየ ዘመስግን። በቲ ዝገበርኩምለይ ምሕረትን ጽቡቕ ኣቀባብላን ኣዝዩ እየ ዘመስግን። ሕጂ ከኣ፡ ኢድኩም ካብ ፈጣሪ ርኺብዎ፡ ንዓይ እውን ኣብ ጽቡቕኩም የውዕለኒ” ክብል ምስጋናኡ ኣቕሪቡ።



ስድራቤት ፈጻሚ ሓደጋ - (ኣቶ ተስፋይ፡ ካብ የማን ንጸጋም ሳልሳይ)



# ባህልን ስነ-ጥበብን

ኤፍሬም ሃብተጽዮን

## ኩሉ ሰብ ክስዕስዕ ይኽእል'ዩ

*ኣብ ዝሓለፈ ሕታምና ንስልጠና ትልሂት ዝገልጽ ጸብጻብ ኣቕሪብና ነይርና። ንሎሚ ምስ መምህር ናይቲ ስልጠና፡ ስነ-ጥበባዊ ካሕሳይ ገብረህይወት፡ ዘካየድናዮ ዕላል ነቕርበልኩም።*

**ትልሂት ከም ጥበብ ብኸመይ ይግለጽ?**

ሳዕሰዒት፡ ቀዳማይ ኩሉ ጥበባት ደቂ-ሰብ ዝተማህዘየ። ኣብ ብዓል ኢስያ፡ ኣፍሪቃ ዝተኻየዱ መጽናዕቲታት ንዚ'የም ዘረጋግጹ። ናይ ሃደን ትልሂት ቀዳማይ ክልተ ሚልየን ዓመታት ኣብ ኬንያ ከም ዝነበረ ይግለጽ። ሳዕሰዒት፡ ደቂ-ሰብ ጌና ቋንቋ ከየማዕበሉ ዘማዕበልዎ ጥበብ ምርድዳእ'ዩ። ናይ ምብህሃል፡ ምርድዳእ፡ መልእኽቲ ምትሕልላፍ መሳርሕ ድማ'ዩ። ካብ 15 ክፍለዘመን ኣትሒዙ ኸኣ ከም ሞያን ዓውዲን ነፍሱ ክኢሉ ክምዕበል ጀመረ።

እቲ ቀዳማይ መድረኽ 'ናይ ሃደን ትልሂት' ዝበሃል፡ ደቂ-ሰብ ኣብ ፍልማዊ መድረኽ እንከለዉ ዝነብሩዎ ዝነበሩ'ዩ። ኣብዚ መድረኽ'ዚ ደቂ-ሰብ ኩሉ ጠለባቶም ካብ ሃደን የማልእዎ ነይሮም። ስለዚ፡ ናይ ፍረታት ምእራይ፡ ኣብ ባሕሪ ምሕንባስ፡ ኣንጻር ኣራዊት ቅልስ፡ ሓድሕዳዊ ግርጭት ዝኣመሰለ ንጥፈታት ብሳዕሰዒት ይገልጽዎ ነይሮም። ጸኒሖም ማሕረስ ምስ ጀመሩ፡ ቀዋሚ ናብራ ዝማእከሉ ባህሊ ኣማዕበሉ። ምስቲ ንጥፈታት ዝኸይድ ምንቅስቓስ ከኣ ተፈጥረ።

**እቲ ኣመዓባብላ ከመይ ይመስል?**

ኣብ ዝተፈላለየ ክፋላት ዓለም ዝነብር ሰብ፡ ምስ ከባቢኡ ዝኸይድ ባህሊ'ዩ ዘጥረ። ብኡ መገዲ፡ ኣብ ዓለም ብዓሰርተታት ኣሽሓት ዝቖጸር ዓይነት ትልሂት በበየዝኡ ማዕበለ። እዚ ክሳዕ 15 ክፍለ-ዘመን ቀጺሉ፡ ብድሕሪኡ ሞያውያን ተፈጠርም ካብቲ ናይ ሃደንን ባህላዊ ትልሂትን ተበጊሶም 'ክላሲካዊ ትልሂት' ዝበሃል ክቐሙ ጀሚሮም። ትልሂት ድማ ከም ሞያ እናተሃነጸ መጺኡ። እዚ 'ክላሲካዊ ትልሂት' ንሰለስተ ሚእቲ ዓመት ቀጺሉ፡ ኣብ መበል 19 ክፍለዘመን ኣብ ኣመሪካን ጀርመንን ዝነበሩ መንእሰያት 'እዚ ክላሲካዊ ትልሂት ኣሳሪ ኹይኑ፣ ቀይዲታት፡ ሕጊታት በዚሑዎ'ሎ። ስለዚ፡ ናጻ ዘመናዊ ትልሂት ክህልዎ ኣለዎ' ኢሎም ንዘመናዊ ትልሂት ኣብጊሶሞ። ኣብ 20 ክፍለዘመን ከኣ 'እዚ ዘመናዊ ትልሂት ነቲ ግዜኡ ደኣ'ምበር ዝ ሕጂ ዘለናዮ ኣካብራ - ዘመናዊ ናይ ሮቦት ዓለም - ኣይገልጽን ስለዝኾነ ንዕኡ ዝገልጽ ሳዕሰዒት ክምዕበል ኣለዎ ኢሎም 'ናይዚ እዋንዚ ትልሂት' (contemporary dancing) ዝብልዎ ኣማዕበሉዎ።

እዚ ሓሙሽተ መድረኻት ኣመዓባብላ ትልሂት'ዚ፡ ንሓድሕዱ እናተኣሳሰረ ካብቲ ቐደማይ ዘሎ እናወሰደ ግን ከኣ ገለ ለውጢ እናፈጠረ'ዩ ማዕበለ። ኣብዚ እዋን ዘሎ ዓብላሊ ትልሂት፡ ዝ ባህሊ ምዕራባዊ ዓለም ዝገልጽ ሮቦታዊ እዩ። ዝጠዙላ ሃገራት ሳልሳይ ዓለም ግን ጌና ምስ ያታኦን ጥቡቕ ምትእስሳር ኣለወን። ንኣብነት ኣብ ኣፍሪቃ፡ ብዝየካ ኣብ ግዝኣን ደቡብ ኣፍሪቃን ናይ ትልሂት ኣካዳሚ ዝበሃል የለን። ናይዘን ክልተ ሃገራት ትልሂት እንተ ደኣ ርኢናዮ ኸኣ ዘማዕበለን ዝበለጸን'ዩ።

**ኣበኸ?**

ንሕና ከም ኣፍሪቃና ኣና ዘለና። መሃዝእቲ መሃዝእቲ እዩ። ብዘይካ'ቲ ያታዊ ትልሂት ንምትብባዕ ኣብ ሜዳ ዝካየድ ዝነበረ ከምኡ'ውን ድሕሪ ናጽነት ዝቖጸለ ፌስቲቫላት፡ ትልሂትና ብስነ-ፍልጠታዊ ደረጃ ንምምዕባሉ ዘሰልጥን ናይ ኣካዳሚ ዕድል ኣይረኸበን። ካብቲ ያታ ተበጊስና ዘመናዊ ምግባሩ ግድን ስለ ዘድሊ፡ ኸኣ ክሳዕ'ቲ ዝለዓለ መምሃሪ ትካል ዝህልወና ካብ ተመኩሮና ተበጊስና ገለ ዘይንንብር ዝብል ሓሳብ ዘጠሎ'ዩ እዚ ንሕና ንህቦ ዘለና ስልጠናታት። ኣኑ ኣብ ቻይና ብኣልየ ስለ ዝተመሃርኩ ብዙሕ ዘጸግም ኣይከነን። ብዝወሃኸ፡ ምስ ዝተፈላለዩ ናይ ህርመት ክኢላታት ከም ብዓል መሓመድ ዐሰምን፡ ናይ መዚቃ ብዓል መሓመድሳልሕ ኴንና ተመኩሮና ተመላሊኡ ክኸይድ ኣና እንጽዕር።

ንተመሃሮ ብዘምልከት፡ ስልጠና ትልሂት መንፍዓት ስለ ዝሓትት፡ ኣብ ትምህርቶም ንፉዓት ክኾኑ ኣለዎም። ዝንበብ ብዙሕ ጽሑፋት ስለ ዘሎ፡ ሃገይ ተመሃራይ ኣይወጽኣን'ዩ። ንንቡብ ክሕግዞም ኢልና'ውን ከም ተወሳኺ ትምህርቲ ቋንቋ እንግሊዝኛ ንምህርም ኢና። ስለዚ፡ ኣብ ወሽጢ'ተን ናይ ስልጠና ትሸዓተ ኣዋርሕ ብውሑዱ ብእንግሊዝኛ ናይ ምብህሃል ክእለት ክጥርዩ ኣለዎም።

**ንገስ ዘመናዊ ትልሂት ዝበሃል ኣሎዶ?**

ማይክል ጃክሰን'ዩ። Remember the time ከምኡ'ውን Thriller ዝብሎ ደርፈታቱ ሓያሊ ትልሂት እዩን ዘርኢዩና። መብዛሕትኡ ግዜ ማይክል ጃክሰን ካብ ናይ ህንዲ ሳዕሰዒት ናይ ክሳድን መንኮብን ካብ ናይ ኣፍሪቃ ኸኣ ናይ እግሪ ምንቅስቓስ ይጥቀም። ንሱ ንገስ መዚቃ ፖፕ ጥራሕ ዘይኮነ ንገስ ዘመናዊ ትልሂት'ውን እዩ። እዚ ድማ ኣገዳሲነት ሳዕሰዒት ቀሊል ከም ዘይኮነ'ዩ ዘርእየና።

**ትልሂት እንታይ እዩ?**

መግለጺ መንነት፡ ኣተሓሳስባ፡ ታሪኽ፡ ሓድነት፡ ህላወ . . . ናይቲ ዘዘውትሮ ሕብረተሰብ እዩ። ሕብረተሰብ ኣብ እዋን ሓጎሱ ጥራይ ዘይኮነ ሽግሩ'ውን ክብድህ እንከሎ'ውን ትልሂት ይፈጥር'ዩ። ንኣብነት፡ ኣብ ሜዳ እንከለና፡ ኣብ ዲቕ ዝበለ ኩናት ወዓልካ ዲቕ ዝበለ ጓይላ ትተክል። ኣብቲ ኩናት'ኳ ክንደይ ጀጋኑ'የም ተሰዊኦም። ግን ኣብ ክንዲ ትበኪ፡ ተኽብብ ኣንጸፍካ ትሓዝን፡ ጓይላ ትተክል። እዚ ድማ ሓድሕድ ምጽግናዕን ምትብባዕን ንምፍጣር ዝዓለመ'ዩ። ሰውራና እትብል ፊልም እንተ ደኣ ርኢናያ፡ ተጋደልቲ ኣብቲ ጽንኩር ኩነታት እንከለዉ ናይ ዝተፈላለያ ብሄራትና ትልሂት'የም ዝስዕሰዑ። ክሳዕ ደሓር ጉድለታት ባህሊ ብውዱብ መንገዲ ዝህልዎ ተጋደልቲ ነቲ ሐኒሞ ዘወጽኡ ያታ ዘንጸባርቕ ትልሂት የዘውትሩ ነይሮም።

**ሰብ ስለምንታይ እዩ ዝስዕስዕ?**

ሰብ ዝስዕስዕ ውሽጣዊ ስምዒቱ ንኽገልጽ'ዩ። ንእግሪ-መንገዱ ኸኣ ነቲ ሳዕሰዒት ጥራይ ዘይኮነ ዝማዕበሎ፡ እቲ ሳዕሰዒት'ውን ነቲ ሰብ ይጠቕሞ'ዩ። ንጡፍ ምንቅስቓስ ኣካላት ስለዝኾኑ ሕማም የለን። ውሽጣዊ ኣካላት ጽሩይ ኣየር ስለ ዝረክብ ድማ ኩሉ ግዜ ጥዑይ ኢኻ።

**ሰብ ተሓጒሱ ጥራይ ድዩ ዝስዕስዕ?**

ኣይኮነን። እንተላይ ኣብ ሓዘን ዝግበር ሳዕሰዒት ኣሎ። ኣብ ትግርኛ 'ህቦ'፣ ኣብ ብዳወየትን ትግረን 'ደፍን'፣ ኣብ ኩናማን ናራን 'ኣሉዳ' ወዘተ ዝበሃል ኣሎ። ስለዚ ኣብ ጽንኩር ኩነታት፡ ኣብ ሓዘን'ውን ይስዕስዕ እዩ።

**ኩሉ ሰብ ክስዕስዕ ይኽእልዶ?**

ኩሉ ሰብ ክስዕስዕ ይኽእል'ዩ። ኩሉ ሰብ ግን ሞያዊ ሳዕሳዒ ክኸውን ኣይክእልን'ዩ። ከምቲ ጁብራን ኸሊል ጁብራን 'ኩሉ ነገር ካብ ምንቅስቓስ ይጅምር' ዝበሎ፡ ኩሉ ሰብ ይንቀሳቐስ'ዩ፣ ዓይነት ምንቅስቓስ ግን ይፈላለ'ዩ። ጸቡቕ ዝንቀሳቐስ ኣሎ፡ ምንቅስቓስ ዘጸግሞ ኸኣ'ሎ። ናይ ጃምና ኣትሌት፡ ሰብ እንስሳታት ምንቅስቓስ ኣሎ። ሞያዊ ንኽበሃል ሓደ ሳዕሳዒ ግን ክመሃር፡ ክሰልጥን ኣለዎ። ታሪኽ፡ ትርጉም፡ መልእኽቲ፡ ኣመዓባብላ ትልሂት ክፈልጥን ክተግብርን ኣለዎ። ከም ተራ ንጥፈት እንተ ደኣ ርኢናዮ ግን ሳዕሰዒት ናይ ኩሉ ሰብ'ዩ።

**ክስዕስዑ ዘይክእሉ ግን ኣለዉ። ናብ ዳስ ተወዝ ዘይብሉ?**

ስምዒቶም ክገልጹ ትብዖት ስለ ዝስእኑ'ዩ። ኣይኽእሎን ኢና ኢሎም ይሓስቡ። ነቲ ሳዕሰዒት እንተ ደኣ ዘይፈሊጥካዮ ርእሰ ምትእምማን ተጉድል፣ ሰብ ከይላግጸልካ ትፈርሕ፣ ወላ ሕፍረትካ ሓቢእካ ክትዝብር እንተ ፈቲንካ ትፍለጥ ኢኻ። እኽእሎ'የ ኢሉ ዝኣምን ሰብ ግን ኣፍ-ልቡ ነፊሑ'ዩ ዘሰድድ። ይኽእሎ ኣይኽእሎ ኣይሰከፍን'ዩ። ምኽንያቱ እኽእሎ'የ ኢሉ'ዩ ዝኣምን።

**ኣካላቱ ሰቕጥቀጥ ከይበለ ብውሽጡ ዝስዕስዕ ሰብከ ኣሎዶ?**

ናይ ውሽጢ ንደገ እንተ ደኣ ዘይወጽኡ ሳዕሰዒት ኣይብሃልን'ዩ። ወኒ ዝበሃል ኣሎ። እቲ ወኒ ግን ንደገ ክወጽእ ኣለዎ። ምንቅስቓስ ክህሉ ኣለዎ። ሳዕሳዒ ዘይክእል ብውሽጡ ግን ዝቃጸል ኣሎ። እንተ ዘይኣውጸኡዎ ግን ትልሂት ኣይብሃልን። ኣብ ስነ-ጥበብ ተውህቦ ምሽኻ'ዩ ዝፍጠር። ኣብ ትልሂት ሰብ ኣብ ማህጸን ኣዲኡ እንከሎ'ዩ ክንቀሳቐስ ዝጅምር። ክውለድ እንከሎ ጀሚሩ ድማ ካብ ፈንጠርጠር ኣየዕርፍን። ገሊኡ ሰብ ነቲ ተውህቦ ኣለልዩ ወይ ሰልጢኑ ናብ ሞያ ይቕይር፡ ገለ ኸኣ ስለ ዘይተጠቐመሉ ልኡም ይኸውን።



**ትልሂት ኣብ ብሄራት ኤርትራ ከመይ ይግለጽ?**

ናይ ኤርትራ ፍሉይ ዝገብሮ እቲ ዘለናዮ ከባቢ እዩ። ኣብ ቀርኒ ኣፍሪቃ ምህላውና መላግቦ ኣፍሪቃን ማእከላይ ምብራቕን ኢና። ስለዚ፡ ኣፍሪቃውን ዓረባውን ባህርን ባህልን ኣሎና። እዚ ዓቢ ጸጋ'ዩ፡ ምስ ከበቢና ድማ የጣምረና። ኣብ የመን ንኣብነት 'ኣልዘራብ' ዝበሃል ሳዕሰዒት ኣሎ። እዚ ብኸቢ ዝስዕስዕ ናይ ምክልኻል ሳዕሰዒት እዩ። ናይ ራሻይዳ ህርመት፡ ገለ ውሑድ ዝፈልዮ ጉዳያት፡ ምስ ኩዳ ሓደ'ዩ። ሴማዊ፡ ኒላዊ፡ ኩሻዊ ዓይነት ሳዕሰዒት ምስ ዝተፈላለዩ ሕብረተሰባት ዘራኸበናን ፍሉይነት ዝህበናን እዩ።

**ስለምንታይ እየን ዝተፈላለያ ብሄራት ዝተፈላለየ ዓይነት ትልሂት ዝህልወን?**

ዋሕዚ ናይ ምንቅስቓስ ዝፈጥሮ እዩ። ሰብ ኣብ ቀጻሊ ምንቅስቓስ'ዩ ዝነብር። ኣፍሲ-ወከፍ ሕብረተሰብ ድማ ናይቲ መነባብሮኣ መግለጺ - ምስ ክሊማን ጂኦግራፍን ቅርጺ ዝሕዝ - ፍሉይ ኣነባብራ ይህልዋ። እቲ ባህሊ፡ ቋንቋ ዝተፈላለየ ምስ ዝኸውን እቲ ትልሂት ዝተፈልየ ይኸውን። ቋንቋ ኣብ ፍሉይነት ትልሂት ዓቢ ተራ ኣለዎ። ሓደ ዓይነት ቋንቋ ኩዩት ኣብ ላህጃ ምስ ዝፈላለ'ውን መለሳ ክህልዎ ይኽእል። ካብ ሓደ ባህሊ ናብ ካልእ ባህሊ ምስ እትብል ከኣ እቲ ፍልልይ እናዓበየ ይመጽእ።

**ደረጃ ትልሂትና ኣብ ከመይ ኣሎ?**

ኣቀራርባኡ እዩ ዝወስኖ። ኣብ መድረኽ እንተደኣ ቐሪቡ፡ መድረኽ ናይ ዘመናውነት መግለጺ'ዩ። ትሕዝቶና ያታዊ መበቆል ወይ ዘይተዛናበደ ኣቀራርባና ግን ዘመናዊ ክኸውን ኣለዎ። ዘመናውነት፡ ኣብቲ ምዕቡል ናይ መድረኽ ኣጠቓቕማ'ዩ ዘሎ። ብልሓትን ጥበብን ኣቀራርባ ኸኣ መግለጺ ዘመናውነት እዩ። ዘመናዊ ትልሂት ግን ከም ዝጠዙላ ሃገራት ኣፍሪቃ ንሕና'ውን የብልናን።

**ምስቲ ያታዊ ስረት ብምጽጻር ትልሂትና ኣብ ከመይ ደረጃ ኣሎ?**

ጸቡቕ ኣሎ ኢልና ክንዛረብ ይሕሸና። ምኽንያቱ ብዙሕ ጸቡቕ ስለ ዘለና። ብዙሕ ዝጐደለና ኸኣ'ሎ። ሓደ ካብኡ ስሩዕ ትምህርቲ ወይ ስልጠና ዘይምህላው እዩ። ነቲ ያታዊ ትልሂታትና ብደቂቕ ኣጽኒዕና ኣብ ዘመናዊ ፍልጠት ከሰጋግሮ ከድልየና እዩ። ኣብ ትልሂታት ሃገርና ዘተኮረ ኣብ መጽናዕቲ ዝተመርኮሰ ክብርሖ ዝጽናሕኩ መጽሓፍ ናብ ምዝዛም ገጹ ከይዱ'ሎ። ግን ትምህርቲ ትልሂት ካብ ታሕቲ ክጅመር ኣና እንደልየ። ደቅና ካብ ንኣሽቱኦም እናተላለይዎ ምስ ዝመጽኡ፡ ብዮንበሪ'ውን እናኸኣሉዎ ይኸዱ'ሞ ዘመናዊ ንምግባሩ ኣየሸግርን።

ጸቡቕ ኣለና ዘብለና ባህልና ኣብ ምዕቃብ ስለ ዘለና፡ ባህሊ ምዕቃብ ድማ ባህሊ ምፍላጥ ስለ ዝኾነ ነቲ ያታዊ ትልሂታትና መንእሰያት ከም ዝፈልጥዎ ምግባር'ዩ ዝሓየ ዕማም። ኣብ መንነ ምዕቃብ ባህልን ጽልዋ ዓውለማን ኣና ዘለና። እቲ ግዳማዊ ሓይጋ ኸኣ ቀሊል ኣይኮነን።

**ኣብ ክሊፓት ደርፍታት ዝርአ ዘሎ ትልሂት የሕርብየ። ብዝዕባዚ?**

ገሊኡ ዝዘዝናብዐ እዩ። ስነ-ምግባር ዝውሓዶ፡ ጥራይ ዕራቖተን ዝርኣያ ደቀንስትዮ ኣቕሪቦካ ዕዳጋ ምድላይ ዝንበዕ ኣተሓሳስባ ብዙሓ ትልሂት ኣሎ። ክእረም ዘለዎ'ዩ። መንእሰይ ከምኡ'ዩ ዝፈቱ እናበልካ ዝግበር ኣሎ። እዚ ምዝንባዕ'ዚ ኩሉ ዝምልከቶ ክቃለሶ ኣለዎ። ሓደጋ'ዩ። ሓደ ወጻኢተኛ ዝበሎ ከዕልለኩ፤ 'እዛ ኩናኹም ዓባይ ነገር'ያ። ንሳ ትፈርስሉ መዓልቲ ባህልኹም ክፈርስ'ዩ' ኢሉኒ። ሓቁ'ዩ። ብዙሕ ካብ ባህልና ብኽብ ዝግለጽ'ዩ። ቀጽሪ ቤተ-ክርስትያን፡ መስገድ፡ መኣዲ፡ ዓውዲ፡ ቀለቤት ቃል-ኪዳን፡ ባይቶና፡ ክብ እዩ።... እዚ ናይ ክብ ባህሊ ኸኣ ኣብ ኩለን ብሄራትና ኣሎ። ክብ ምቑት ይፈጥረልካ። ናይ ምክልኻል ሓድነት መግለጺ ድማ'ዩ።

ኩሉ ዝቐርብ ትልሂት ግቡእ መጽናዕቲ ክግበረሉ ኣለዎ። ብስም ዘመናውነት ደስ ዝበለካ ክትገብር ኣይግባእን። ነቲ ያታዊ ብደቂቕ ፈሊጥካ ካብኡ ተበጊስካ ምምዕባል'ዩ ዘድሊ ዘሎ።

**ብዛዕባዚ ትህብዎ ስልጠና ከተዕልለና?**

ኣብ 2019 እዩ ብስሩዕ ጀሚሩ። ሃገራውያን ማሕበራት ሃገርና፡ መንእሰያት ንምስልጣን ምስ መሻርኽቲ ብዘወሰዱዎ ተበግሶ ኸኣ'ዩ ጀሚሩ። እዚ ብስሩዕ ክካየድ ዝጀመረሉ እዩ። ቀድሚኡ ክሳዕ ናብ ዞባታት እናኸድና ክንምህር ጸኒሕና ኢና። ሃማመተኤ ዝጀመሮ፡ ባህላዊ ጉዳያት ዝቐጽሎ፡ ሕጂ ኸኣ ኣብ ትሕቲ ኮምሽን ባህልን ስፖርትን ዝካየድ ዘሎ'ዩ። መሰልጠኒ ትልሂት ሮብራት እዩ ዝበሃል። ብውልቃዊ ተበግሶ ዝካየድ ዘሎ'ዩ። ኣብ መጺኡ ዓበዩን ትካላዊ ቅርጺ ሒዙን ክኸይድ ኣለዎ። እቲ ትምህርቲ ኣብ የትዩብ እናተጻዕነ'ውን ይወሃብ'ዩ።

ኣብዘን ዝሓለፋ ሸውዓተ ዓመታት ኣስታት 800 ሰልጢኖም ተመሃሪም ኣብ ዝተፈላለያ ትካላት ስነ-ጥበብ ሃገርና ድማ ይሰርሑ'ለዉ። ዕድመ ይኹን ጾታ ከይፈለየ ካብ ንኣሽቱ ክሳዕ ዓበይቲ ይሳተፉ። ብዝያዳ ግን ካብ ንእስነትካ ምጅማር ይበልጽ። ተመሃሮ ካብ ናይ ኩለን ብሄራትና ክሳዕ 40 ዝኸውን ዓይነት ትልሂት ይመሃሩ። ብሓፈሻ ትልሂታት ኤርትራ ክሳዕ 300 ይበጽሕ።



ሪፖርታዥ

# ስነ-ስርዓት መመረቕታ ኮሌጅ ሕርሻ ሓመልማሎ

ኣብርሃም ዘርኦ (ወዲ-ሃለቃ)
ስእሊ.- ኣብርሃም በየነ

ወጋሕታ 20 ሓምለ 2024 ቀጽሪ ኮሌጅ ሕርሻ ሓመልማሎ ዘይቲም ካልእ ግዜ፡ ግዳመን ወሽጡን ማዕሪጉ ተራእዩ - ብምኽንያት መበል 17 ስነ-ስርዓት መመረቕታ ተማሃሮ ናይ'ቲ ኮሌጅ።

ኻ ካብ ሰዓት 6:30 ቅ.ቀ ኣትሒዙ'ዩ ብናይ'ቲ ዕለት ተመረቕቲ ዕንበባታት ዝተሰነዩ ወለድን፡ በቲ ጥዑም ናይ ወጋሕታ ኣየር ተሰኒዖም ናብ ቀጽሪ ናይቲ ኮሌጅ ክውሕዙ ተራእዮም። ዕድመ ዘተግበረሎም ኣጋይሽ'ውን ብዘበዝሐ. ክኣትው ይረኣዩ። ኣብ ገጽ ኸፍሲ-ወከፍ ተመረቕቲ እቲ ዕለትን ንኣኦም ከሰንይዎም ዝመጽኡ ፈተውትን ደማቕ ኣብ ገጾም ሓጎስ ይንበብ። ሕብረተሰብ ኮሌጅ ሕርሻ ሓመልማሎ'ውን ስነ-ስርዓት መመረቕታ ውረያም


ናኦሚ ተኽስተ

ንምምዕራግን ኣጋይሽም ንምቕባልን ሳዕልን ታሕትን ክበሉ ተዓዚብና።

ዝሓለፈ ቀዳም 20 ሓምለ 2024 ኮሌጅ ሕርሻ ሓመልማሎ፡ ብዝተፈላለየ ዓውድታት ዝምሃሩ 350 ተማሃሮ ብዲግሪን ዲፕሎማን ኣመሪቑ።

እቲ፡ ላዕለዎት ሰበስልጣን መንግስትን ግንባርን፡ ኣብ ኤርትራ ዝመደበሮም ዲፕሎማሲያውያንን ዕዱማት ኣጋይሽን ተመረቕትን ወለዲን ዝተረኽቡሉ ናይ መመረቕታ ስነ-ስርዓት፡ ልክዕ ሰዓት 8:00 ቅ/ቐ ብዘኽረ ሰሚኡታት ፈሊሙ። ዝርዝር ትሕዝቶ ብኣዋሃዲ መደብ ምስ ተነበ ደማቕ ተመረቕቲ ብጣቓዒት ወለድን ዕዱማት ኣጋይሽን ተሰንዮም በቲታኦም ሓዙ። ብድሕሪዚ፡ ፈጻሚ ዳይረክተር ሃገራዊ ላዕለዋይ ትካላትን ምርምርን ዶ/ር ሄለ ምሕጹን ናይ እንቋዕ ደሓን መጻእኩምን ኣሐጉሰኩምን ሓጺር መልእኽቲ ኣሰሚዑ።

ፍልጠት ሓይሊ እዩ። ሓይሊ ንስራሕን ምዕባለን። ከምኡ'ውን ሓይሊ ንኣድማዕነትን ንቐድሚት ኸኺድ። ኮታ ማሰረት ኩሉ ጉዕዞ ምዕባለ ሕብረተሰብ'ዩ ክበሃል እውን ይከኣል። ስለዝኾነ እዩ ድማ፡ መንግስቲ ኤርትራ ካብ ጽባሕ ናጽነት ኣትሒዙ ግዚፍ ወጻኢታት ብምስላዕ ዜጋታት፡ ኩሉ መዳያዊ ፍልጠትን ሞያን ዝቐስሙሉ ባይታ ክጣጥሕ ጸኒሑን ዘሎን። ፍረ-ናይ'ዚ ድማ በብእዋኑ ኣብ ኩሉ መዳያት ዝምዝገቡ ዘሎ ምዕባሌታት እዩ።



ብድሕሪዚ፡ ወከል ቃል ክቡር ፕረዚደንት ሃገረ ኤርትራ ኣቶ ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ቻንስለር ላዕለዎት ትካላት ትምህርትን ምርምርን ኣብ'ቲ ናይ ስነ-ስርዓት መመረቕታ ቃል ዘሰምዐ ሚኒስተር ሚ/ሪ ሕርሻ ኣቶ ኣረፋይነ በርሀ እዩ። ተመረቕቲ ብክልስ ሓሳብን ግብርን ኣጥርዮሞ ዘለው ፍልጠት፡ ምስ'ቲ ናይ ዓመታት ተመክሮ ዘጥረየ ሓረስታይ ብምቕሊል ኣቀራርባ ተወሃሂዶም፡ እቶትን እቶታውነትን ኣብ ምብራኽ ኣበርክቶ ክገብሩ ብሕብረተሰቦም ትጽበት ከም ዝተገበረሎም ገሊጹ። ቀጺሉ "እቲ ናይ መወዳእታ ሸቶና፡ ህዝብና መኣዝዊ መግቢ ብስሩዕን ርትዓዊ ዋጋን ንኽረኽብ ምርግጋጽ እዩ" ዝበለ ሚኒስተር ኣረፋይነ፡ ብውሑድ ወጻኢን ውሑልል ኣገባብ እቶትን እተታውነትን ንምዕባይ ኣብ ዝካየድ ጻዕሪ፡ ኣበርክቶ ሞያውያን ሕርሻ ብቑዓምነት ስለዝጥቀስ ብልዑል ተወፋይነትን ወኒን ክሰርሑ ተላበዩ።

መንግስቲ ካብ መትከላዊ እምነቱን ሓልዮት ሃገርን ህዝብን ተበጊሱ፡ ኣብ ኩልንተናዊ ህንጸት ሃገርን ማሕበራዊ ፍትሕን ንምርግጋጽ፡ ብዘይ ዝኾነ ግዳማዊ ሓገዝ ኣብ ምውህሃድ ማሕበራዊ ኣገልግሎት ዝገብሮ ዘሎ ሓያል ጻዕሪ፡ መመረቕታ ኮሌጅ ሕርሻ ሓመልማሎ እኹል ምስክር እዩ። ልዕሊ ኩሉ ድማ፡ ኣብ ጽላት ሕርሻ ውሕስነት መግቢ ንምርግጋጽ ህዝቢ ምዕቡል ኣገልግሎት ሕርሻ ንኽረክብ ኣብ ዘይሕለል ስራሕ ተጸሚዱ 'ውን ይርከብ።

ዲን ኮሌጅ ሕርሻ ሓመልማሎ ፕሮፌሰር ወልደኣምላኽ ኣርኣያ ብወገኑ ኣብ ዘሰምዖ ቃል፡ እቲ ኮሌጅ ኣብዚ ንመበል 17 ግዜኡ ዘካይዶ ዘሎ ስነ-ስርዓት መመረቕታ 181 ብዲግሪ 169 ድማ ብዲፕሎማ ብድምር 350 ተማሃሮ የመርቕ ከም ዘሎ ኣብሪሁ። ካብዞም ተመረቕቲ እቶም 54.29 ሚእታዊት ደቂ ኣንስትዮ ምዃነን'ውን ኣረዲኡ። ኣበርክቶ ኮሌጅ ኮሌጅ ሕርሻ ሓመልማሎ ኣብ ምዕባይ ክኢላዊ ዓቕሚ ሰብን ምምሕያሽ ኣገልግሎት ሕርሻ ሃገርና ዓቢ ተራ ከም ዘለዎ ብምግላጽ፡ እዞም ናይ ሎሚ ተመረቕቲ ድማ፡ ብቑዕ ፍልጠት ቀሲሞም ኣብ ኣገልግሎት ጽላት ሕርሻ ይጽንበሩ ከም ዘለው ሓቢሩ።

ስእሊ - ኣብርሃም በየነ

ንሱ ቀጺሉ፡ ሕርሻ ዓንዲ ሕቖ ቁጠባ ሃገርና ብምዃኑ፡ እቶት ሕርሻ ካብ ኢድ ናብ ኣፍ ካብ ምዃን ሓሊፉ፡ ናብ ንግዳዊ ንኽምዕበል፤ ከምኡ'ውን ካብ ክረምታዊ ናብ መስኖኣዊ ሕርሻ ብምስግጋር፡ ኣብ ሓደ ዓመት 2ን 3ን ግዜ እቶታውነት ምህርቲ ንምሕፋሱ፡ ሓደ ካብ ስትራተጂ ምምዕባል ዓቕሚ ሰብ ከም ዝኾነ ኣረዲኡ። ኮሌጅ ሕርሻ ሓመልማሎ፡ ኣብዚ ሕጂ እዋን፡ ብዓውድታት ትምህርቲ ስነዘራእቲ፡ ስነእንስሳ፡ ስነመግቢን ቴክኖሎጅን፡ ስነ-ኣሕምልትን ፍረታትን፡ ሃብቲ መሬትን ኣከባብን፡ ስነጥዕና ብቖልን ሕክምና እንስሳን ብዲግሪን ዲፕሎማን ፕሮግራም ከመርቕ ከም ዝጸንሐ ድማ ገሊጹ። እዚ ኮሌጅ መቓልሕታ ናይ'ቲ ኣብ ምምዕባል ዓቕሚ ሰብ ዝገብሮ ግዚፍ ወፍሪ ሎሚ'ውን ንገለ ኣባላቱ ማህደረ ትምህርቲ ንምዕባይ ናብ ቻይና፡ ሩስያ፡ ሃንጋሪን ኬንያን ንዝለዓለ ትምህርቲ ልኢኹ ከም ዘለው'ውን ኣረዲኡ። "ዕላማ ኮሌጅ ሕርሻ ሓመልማሎ፡ ሕርሻዊ ምርምር ምክያድ'ዩ" ዝበለ ፕሮፌሰር ወልደኣምላኽ፡ ምምህርናን ምርምርን ዝተፈላለዩ ገጽታት ምዃናም'ውን ገሊጹ። ኣብ መደምደምታ፡ ተማሃሮ በጺሖሞ ዘለው ደረጃ ትምህርቲ ዛዛሚ ከም ዘይኮነ ተረዲኦም ንመጻኢ. ዝጸበዮም ዘሎ ዓቢ. ዕማም ኣብ ግምት ብምእታው ንዝለዓለ ዕብየትን ምዕባለን ጠሚቶም ክሰርሑ ከም ዘለዎም ኣዘኻኺሩ።

ወከል ተመረቕቲ ብወገኑ፡ መንግስቲ ብዘገበረሎም ዘይሕለል ጻዕርን ሓገዝን ኣዚዮም ሕጉሳትን ዕጉባትን ምዃኖም ብምሕባር፡ በቲ ዓጢቖሞ ደለቦም ዘለው ፍልጠት ብዓጸፋ ንሕብረተሰቦምን ሃገሮምን ክኸሕሱ ከም ዝኾኑ ኣረዲኡ። ኣብቲ ኣብ ቅድሚኦም ተዳልዩ ዘሎ ናይ ልምዓት መድረኽ ብዓጸፋ ከም ዝዋስኡ እውን ሓቢሩ።

ብድሕሪዚ፡ ተመረቕቲ ብጨብጨብን ዕልልታን ወለድን ዕዱማት ኣጋይሽን ተሰንዮም በብዘወድኡሉ ዓውዲ ትምህርቲ ካብ ዘለውዎ ሓፍ እናበሉ ወግዓዊ ስነ-ስርዓት መመረቕታ ኣፍጺሞም። ብድሕሪዚ፡ ስምዒት ተመረቕቲ ንምድህሳስ ንገለ ካብኦም ተወኪስና ነይርና። ፈለማ ብዓውዲ ብስነ-ኣሕምልትን ፍረታትን ብዲግሪ፡ ብደረጃ መዓርግ ዝተመረቐት ተማሃሪት ኣድሃ ሙሴ ኢና ኣዘራሪብናያ። ንሳ፡ እዛ መዓልቲ እዚኣ ንዓኣን ንስድራቤታን ኣዚያ ፍልይቲን እተሐጉሰን ምዃና ሓቢራ። ኣብ ህይወታ ድማ፡ እትሓልማ ዝበረትን ናይ ነዊሕ ራእያ ዝጨበጠትላን ምዃና ገሊጻ። ነቲ ዝረኸበቶ ዓወት ከውን ንምግባር ዝሓገዝዋ መምህራና፡ ወለዳ መሓዙታ ብምምስጋን ድማ፡ ሃገራ ንምህናጽ ካብኣ ዝሕተት ዘበለ ክትፍጽም ድልውቲ ከም ዘላ ሓቢራ።

ብዓውዲ ትምህርቲ ስነሕክምና እንስሳ ብዲፕሎማ ዝተመረቐ ተማሃራይ በሽር መሓመድ ሓጎስ ብወገኑ፡ እዛ ዕለት ኣብ ህይወቱ ካብዞን ዘይርስዓ ዕለታት ምዃና ድሕሪ ምሕባር፡ ንሱን ብጾቱን ናይ ሰለስተ ዓመት ናይ ትምህርቲ እዋናት ሰጊሮም ኣብዚ ምብጽሖም፡ ዓቢ. ትርጉም ከም ዘለዎም ገሊጹ። "ኤርትራ ሃገርና ሕድሪ ናይ ጀጋኑ እያ" ዝበለ ተማሃራይ በሽር፡ ብዝተማሃሮ ዓውዲ ትምህርቲ ኣብ ባይታ ንምትርጓም፡ ብተወፋይነት ከም ዝሰርሕ ኣብ'ቲ ኣጋጣሚ ገሊጹ።

ብዓውዲታት ስነመግቢን ቴክኖሎጅን፡ ስነዘራእትን ብዲግሪ ብልዑል ደረጃ መዓርግ ዝተመረቓ ተማሃሮ ዮሳን ዳዊትን ናኦሚ ተኽስተን ብወገነን፡ መዓልቲ መመረቕታኤን፡ እታ ኣዚያ እተሐጉሰን ሓላፍትን እተሰኽዖን መዓልቲ ምዃን ድሕሪ ምግላጽ፡ ኣብ ወሽጣን ዝበረ ባህጊ ትምህርቲ ብዓወት ምዝዛመን ድማ፡ ከይተሓለሉ ዝመሃርወን ወለደን ኣመስጊነን። በቲ ረኺበንኦ ዘለዋ ዕድል ትምህርቲ ኣብ ሓደ ደው ከይበልየን፡ ንዝበረኸ ደረጃ ብዝበረ ኣብ ባይታ ኣበርቲዐን ከም ዝሰርሓ ድማ ሓቢረን። እዚን ብመዓርግን፡ ልዑል መዓርግን ብምምዝጋብ ተሸሊመን፡ መዳልያ ንምዃን ዝበቕዓ ተመረቕቲ፡ ኣብ ወጻኢ. ሃገር ብዘቕመጡ ግዱሳት ኤርትራውያን ናይ ገንዘብ መተባብዒ'ውን ተገይሩለን።





ዮሳን ዳዊት


በሽር መሓመድ

ኮሌጅ ሕርሻ ሓመልማሎ፡ ኣብ ምርግጋጽ ውሕስነት መግቢን ቀጠባዊ ምዕባለን ኣበርክቶ ዝገብሩ ዝተፈላለዩ ክኢላታት ኣብ ምፍራይ ተጸሚዱ ከም ዝርከብ፡ ኣብ'ቲ ስነ-ስርዓት ካብ ዝቐረበ መደረታት ክንርዳእ ክኢልና ኢና። እዚ ኮሌጅ ምስ ተማሃሮኡ ብሓባር፡ ካብ ነዊሕ ዓመታት ኣትሒዙ ኣብ ምርምርን መጽናዕትን ዝተመርኰሰ ክካይዶ ዝጸንሐ ንጥፈታት እወታዊ ወጽኢት ደርኺቡ ከም ዘሎ'ውን ይፍለጥ። ብሓያል ጻዕሪ መንግስትን ህዝብን ኤርትራ፡ ካብ 2008 ኣትሒዙ ኣብ ዓውዲታት ሕርሻ ልዑል ደረጃ ትምህርቲ ዝህብ ዘሎ ኮሌጅ ሕርሻ ሓመልማሎ፡ ምስ'ዚ ናይ ሎሚ ዓመት ደሚርካ ብጠቕላላ 6533 ተማሃሮ ኣመሪቑ ኣሎ።

ኮሌጅ ሕርሻ ሓመልማሎ፡ ካብ ከተማ ከረን 15 ኪ/ሜ ንሸነኽ ሰሜን ተደኲኑ ይርከብ። እዚ ሩባ ዓንሰባ ተቐኒቲዎ ዝሓልፍ ልሙዕ ኮሌጅ፡ ብልምዓት ጀራዲንውን ፍሉጥ እዩ። ብተወሳኺ. ብታሪኻውያን ዓድታት ዶና፡ ጎቦታት ከረን፡ ግንቦር ጉንጌሊምን ሓልሓልን ተኸቢቡ ይርከብ።



# ምልክታ

ፍጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ኣሰፋሽ በየነ ካሕሳይ፡ ስም ብዓል ቤተይ ኣብ ናይ ቃልኪዳን መዝገብ ከስተብርሃን ካሳ ተሰፋይ ምባል ተሪፉ፡ ኣቶ ታደሰ ካሳ ተሰፋይ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን12/11/24 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.49 ይቕረብ።

ኪዳነ ገብረክርስቶስ ብርሃ፡ ኣደይ ማኢላ ወልደገርግሽ ተሰፉ ስለዝዋረረት፡ መኪና ታክሲ ዝዓይነታ ኣውቶ ሞባል ስርሓት ኮርያ 2013 ዓ.ም ስሌዳ ቁ.ER-3-A-2673 ቁጽሪ ቻሲ KMHCT41B601906 ብቑጽሪ ንግዲ ፍቓድ ASL00037705 ብስማ ዝተመዝገበት፡ ብሂወት ክሳብ ዘለኹ ባዕለይ ኣታዊታት ክጥቀመሉ፡ ብሞት ምስ ተፈለኹ ግን ነዛ ንብረትን ፍቓድ ንግዲን ከወርሶን ነዛ ንብረት ፍቓድ ንግዲን ናብ ስሙ ኣሲጋግሩ ዋዃ፡ ክዝብርን ብምባል ኣብ ቅድሚ ረጂስትራር ቤ/ፍ/ዞ/ማ ብቑ.መዝ/214/2014 ብዕለት 23/07/2014 ለዋ ስለዘተዝበረለይ፡ ለዋ ይጽደቐለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/10/24 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.49 ይቕረብ።

ንግስቲ ካሕሳይ ክፍሉ፡ ወደይ የናታን ገብረኪዳን ሃብተሚካኤል ስለዝተሰወኦ፡ ኣነ ፍርቂ ናይ ወለደይ 4 ኣሕዋቱ ድማ ፍ/ሄር ገብረኪዳን ሃብተሚካኤል ናይ ወላዲኦም ተኪኦም ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን12/11/24 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.49 ይቕረብ።

ወ/ሮ ሓዳስ ተኽለ ሰለሞን፡ ስም ኣደይ ለተብርሃን ኣብርሃ ምባል ተሪፉ ለተብርሃን ገብረህይወት ተሰፋሚካኤል ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን17/10/24 ኣብ ቤ/ፍ 1ይ መጋባእያ ቁ.47 ይቕረብ።

ወ/ሮ ሰናይት ሓድጉ ሃኪ፡ ብዓል ቤተይ ፍስሓጼን ፋኒኤል ስለዝዋረረ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 8 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን7/10/24 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.47 ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዕዳጋ እኽሊ

ኣሜን ሚሮን ብርሃ ምባል ተሪፉ ኣሜን ሚሮን ኪዳነ ከበደ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/9/24 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ወ/ሮ ኑቢያት ገብረንጉስ፡ ብመገዲ ወኪሉ፡ ኣደይ ትብርህ ገረታትዮስ ሓጎስ ስለዝዋረረት፡ ብሂወት እንከላ ኣብ ቅድሚ ረጂስትራር ቤ/ፍ/ዞ /ማእከል ቀሪባ ብዕለት 15/02/2008 ብቑ.መዝ 42/2008 ኑቲ ኣብ ኣስመራ ዞባ 6 ምም/08 ጎደና 112/13 ቁ.ገዛ 33 ዝርከብ ብዋንነት ቁ.ምስ.118156 መወከሲ ቁጽሪ 121651 4 ቀንዲ ክፍልታት 3 ተሓጋገዝቲ ክፍልታት ምስ መኻዚኖኡ ኣመልኪታ ዝሃበትኒ ወህብቶ ይጽደቐለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን8/10/24 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ከሳሲት ኣበባ ሃይለ ሓጎስ፡ ተኸሳሲት ወ/ሮ ሮዝን ኪዳኑ ክሲ ቀሪቡልኪ ስለዘሎ፡ ኣድራሻኺ ስለዘይተፈልጠ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን1/10/24 ኣብ ቤ/ፍ ቀረብ። እንተዘይቀሪብኪ፡ ጉዳይኪ ኣብዘየለኽሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ።

ኣቶ ሚሮን ኣፈወርቂ ሓድጉ፡ ኣቦይ ኣፈወርቂ ሓድጉ ስለዝዋረረ፡ ኣነ ምስ 4 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/10/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

መኣዛ ኢያሱ ኣድሓኖም፡ ብዓል ቤተይ ኣኽሊሉ መሓሪ ስለዝዋረረ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ ወላዲ ስለዘይገደፈ 8 ኣሕዋቱ ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/10/24 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ከሳሲት የርዳኖስ መኮንን፡ ተኸሳሲ ኣቶ የሴፍ ገ/መስቀል፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን24/9/24 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ።

ቅሳነት ዛይድ ሃይሉ፡ ኣዴና ፍረወይኒ ምሕረትኣብ ገብሩ ስለዝዋረረት፡ 2 ደቃ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንደሎ፡ ን10/10/24 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ወ/ሮ ፋኑስ ፍትዊ ሃይሉ፡ ጓለይ ሊድያ ተስፋማርያም መሓሪ ስለዝተሰወኣት፡ ኣነ ጥራይ ወራሲት ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን1/10/24 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ፍቓዱ ተስፋሚካኤል ዓ/ሃይማኖት፡ ስም ኣደይ እምባፍረሽ ገብረክርስቶስ ምባል ተሪፉ፡ እምባፍረሽ ገብረያናስ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/10/24 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ሰናይ ሳምሶም መብራህቱ ምባል ተሪፉ ሰናይ ሳምሶም መብራህቱዮም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/10/24 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ኤልዳና ኣማኑኤል ሃይለ ምባል ተሪፉ ኤልዳና ኣሕመድ መሓመድ ሰዒድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/10/24 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ወ/ሮ ሚርያም ተሰፋይ ጢመትዎስ፡ ብዓል ቤተይ ገብሩ ጨዋይ ሓድጎምበስ ስለዝዋረረ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 8 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/10/24 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ይቕረብ።

የዲት በርህ ዘርኣሃንስ ምባል ተሪፉ ኬርያ በርህ ዘርኣሃንስ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/9/24 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ኣብርሃጼን ወልዳይ፡ ብዓልቤተይ ፍስሃጽዮ ባህረ ሓጎስ ስለዝዋረረ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 8 ደቁ ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን8/10/24 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ጻዕዳ ክርስትያን

ት/ዕ ሳምራዊት ዘርኣይ ሰለሞን ምባል ተሪፉ ናእሚ ዘርኣይ ሰለሞን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/9/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሪት ሶላም ገብረመስቀል ኣርኣያ፡ ስም ኣደይ ሄርሞን ገብረሂወት ኣርኣያ ምባል ተሪፉ ሳራ የማነ ዘወልዳይ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/9/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣቶ ቢንያም ተኪኤ ኪዳኑ፡ ኣቦይ ተኪኤ ኪዳነ ስለዝዋረረ፡ ኣነ ምስ 8 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/9/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣቶ ቢንያም ተኪኤ ኪዳኑ፡ ኣቦሓጎይ ኪዳነ ንጉሰ ገብረክርስቶስ ስለዝዋረረ፡ ወላዲና ፍ/ሄር ተኪኤ ኪዳነ ምስ 4 ኣሕዋቱ ወራሲ ምዃኑ ይረጋገጸልና ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/9/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣቶ ተኪኤ የውሃንስ ተኽሉ፡ ኣቦይ የውሃንስ ተኽለ በራኺ ስለዝዋረረ፡ ኣነ ምስ 4 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/9/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣቶ ግርማይ ገብረሚካኤል፡ ወለደይ ገብረሚካኤል ዘራጼን ገብረኣምላኽን ሂወት ዓንደጼን ገብረእየሱስን ስለዝዋረሩ፡ ኣነ ምስ 2 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/9/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣቶ ኤፍሬም መንግስትኣብ የሃንስ፡ ወላዲተይ ንግስቲ መንግስቱ ተሰፋይ ስለዝዋረረት፡ ኣነ ምስ 4 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና፡ ወላዲና መንግስትኣብ የሃንስ ተሰፉ ድማ ናይ መጻምዲ ማሰሉ ይተሓለወሉ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/9/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ጓዕዳድ

ወ/ሮ ሰላም መሰ፡ ተጸዋዒ ኣቶ ኤፍሬም ተኽሉ ናይ ምግዚትነት ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን24/10/24 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ።

ብስራት ኣለም ትኽኣ ምባል ተሪፉ ሄራን ኣለም ተኪኤ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/7/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ እምባደርሆ

ዘርኣይ ሓድጉ ተኽሉ፡ ወለደይ ሓድጉ ተኽለ መሓሪን ብርኽቲ ክፍለ ገብርኤልን ስለዝዋረሩ፡ ኣነ ምስ 2 ደቂ መዋቲ ሓወይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን25/9/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣቶ ተኽልኣብ የሴፍ ተሰፋሰላሴ፡ ኣቦሓጎና ተሰፋሰላሴ ሃብተማርያም ስለዝዋረረ፡ ኣነ ምስ 23 ደቂ ደቆም ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/7/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

የማና ተኽለሃይማኖት ተሰፋማርያም፡ ብዓል ቤተይ ተሰፋሚካኤል ግርማይ ስለዝተሰወኦ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 2 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/7/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ መንደፈራ

ብፍ/በ/መሰል ወረ/ፍ በየነ ገብረሂወት 1.ሳባ በየነ 2.ተኽለ በየነ ወኪል ኣቶ ተሻለ በየነ፡ ብፍ/በ/ዕዳ ዝኾንኩም 1.ብርኽቲ በየነ 2.ጸገ በየነ 3.ሰምሰም በየነ 4.ሪዘከ በየነ 5.ሙሉጌታ በየነ 6.ሰለሞዊት በየነ ናይ / ፍ/በየነ ገብርሂወት ዝምልከት ምክፍፋል ንብረት ብኣፈጻጽም ይረአ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን18/9/24 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቡ። እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብዘየለኹምሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ደቀምሓረ

ከሳሲት ወ/ሮ ደገፍ ብርሃ፡ ተኸሰስቲ ወ/ሮ ኣምለሰት ወረደን ኣቶ ገብረገርግስ ተሰማ፡ ናይ ምቅሊት ክሲ ኣቕሪብትልኩም ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን30/7/24 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቡ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ድባርዋ

ኣቶ ኣሌክሳንደር ቃልኣብ ኢያሱ፡ ስም ወላዲተይ ኣለም ከበደም ገብረማርያም ምባል ተሪፉ፡ ለምለም ብርሃ ንጉሰ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን4/10/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ኳላ

ሳሚኤል ሃይለ ክፍለ ምባል ተሪፉ፡ ብርሃ ሃይለ ክፍለ ተባሂሉ ይተኣረመሉ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/9/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓረዛ

ግደይ ብርሃ ገብረትንሳኤ፡ ወደይ ዓምበ ፍቓዱ ሽመንዲ ስለዝተሰወኦ፡ ኣነ ምስ ወላዲኡ ፍቓዱ ሽመንዲ ጉሉም ወረስቱ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/7/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ሰገነይቲ

ከሳሲት ወ/ሮ ለተሃይማኖት ተወልደ ሚካኤል፡ ተኸሳሲ ኣቶ ተኽሉብርሃን ተሰፋማርያም ባህታ፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን8/10/24 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ማይ ምነ

ሙሐር ኪዳነ ወረደቃል ምባል ተሪፉ ምሕረትኣብ ኪዳነ ወረደቃል ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን15/10/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

---

### ንሳልሳይ ግዜ ዝወጽአ ምልክታ ጨረታ

ሃገራዊ ኮርፖረሽን መድሕን ኤርትራ (ሃኮመኤ) ስሉጥ ምሕደራ ጽሬት፡ ሓለዋን ክንክንን ኣትክልትን ስለ ዘደለዩ፡ ኣብዚ ዓውዲ ክእለትን ተመኩሮን ዘለወን ትካላት ንጨረታ ይዕድም።

ኣብ ጨረታ ክሳተፍ ዝደሊ እዚ ምልክታ ኣብ ጋዜጣ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ንጨረታ ዝድለ ሰነዳት ካብ ሃኮመኤ ክፍሊ ምምሕዳር ክሳብ ዕለት 22/07/2024 ሰዓት 6 ድ.ቀ ክወሰድ ይኽእል። ጨረታ ዝዕጸወሉ ዕለት 26/07/2024 ሰዓት 6 ድ.ቀ ስለ ዝኾነ ኩሎም ተሳተፍቲ ጨረትኦም ቅድሚ እዚ መዓልትን ሰዓትን ናብ ክፍሊ ምምሕዳር የቕርቡ።

* ተሳተፍቲ ኣብ ሳዕሊ ዝተጠቕሰ ኣገልግሎት ንምሃብ ዘፍቅድ ናይ 2019 ቅዳሕ ዝተሓደሰ ንግዲ ፍቓድን ናይ 2023 ክሊራንስን የቕርቡ።

* መኽበሪ ጨረታ ናቕፋ 50,000.00 (ሓምሳ ሽሕ) ብCPO

* ኮርፖረሽንና ዝሓሸ ኣማራጺ እንተረኺቡ፡ ብኸፊል ወይ ብምሉእ ጨረታ ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ።

ሃገራዊ ኮርፖረሽን መድሕን ኤርትራ

---



### ሓበሬታ

ሃገራዊ ማሕበር ብድሆ ኤርትራ

ኩሉ መዳያዊ ሓቅታት ኤች.ኣይ.ቪ/ኤይድስ ንምፍላጥ ናብ ሃገራዊ ማሕበር ብድሆ ኤርትራ ኣገልግሎት ምኽሪ ብቴለፎን ደውሉ።

ሰዓታት ስራሕ ካብ ሰኑይ ክሳብ ዓርቢ ንግሆ ካብ 8፡00 – 12፡00 ቅ.ቀትሪ ምሸት ድማ ካብ 2፡00 – 6፡00 ድ.ቀትሪ ብቁ.ስልኪ 110179 ደውሉ።

ቁ.ሳ.ፖስጣ 5537፡ E-mail; bidhonational@gmail.com

ስቅታ ጎዳኢ ስለዝኾነ ብዛዕባ ኤች.ኣይ.ቪ ብግልጺ ንዘራረብ!!!

# ስፖርት

ተስፋልደት መብራህቱ

# ቢኒ፡ ኣብነት ንወለዶታት ቅድድም ብሽክለታ

ኤርትራዊ ቢንያም ግርማይ፡ ኣብ ታሪኽ 111 ዓመት ቱር-ደ-ፍራንስ፡ ብ387 ነጥቢ "ናይ ፈለማ ተዓዋቲ ቀጠልያ ማልያ ኣፍሪቃዊ" ብምዃኑ ንዅብስ፡ ንኤርትራን ኣህጉር ኣፍሪቃን ሓድሽ ታሪኽ ሰሪሑ።

ብዙሓት ተንተንቲ ስፖርት ንዓወት ቢንያም ግርማይ፡ "ታሪኽ ቅድድም ብሽክለታ ጥራይ ዘይኮነ፡ ታሪኽ ስፖርት ብሓፈሻ ዝቐየረ ዝዀነ ዓወት" ክብሉ ገሊጾምዎ ኣለዉ።

ብኢ ዘውዲ ዓወት ዝደፍኡ፡ ንቐጠልያ ማልያ ኣብ ዝዀነ ውድድር፡ ኑቲ ካልኣይ ኮይኑ ዝሰዐቦ ዝበረን ናይ ዝሓለፈ ዓመት ተዓዋቲ ቀጠልያ ማልያ ዝኾነን ጃስፐር ፊሊፕሰን፡ ብ33 ነጥቢ በሊጹዎ።

ኣብዚ ኣብ ወሽጢ 21 መዓልታት ኣስታት 3,500 ኪሎሜተር ዝሸፈነ ቱር-ደ-ፍራንስ 2024፡ ቢንያም ኣብ ዓቢ ታሪኻዊ ዓወት ዝጨበጠ፡ ኣብ 5ይ መድረኽ ንዘወደያ ቀጠልያ ማልያ፡ ኣብ ዝቐጸለ 16 መድረኻት ብዘቐዋት ድሕሪ ምዕቃቡ'ዩ።

ኣብ ማብል 16 መድረኽ ንዚጋጠሞ ሓደጋ መውድቕቲ፡ ተጻዊሩ ዘርኣዮ ናይ ዘይተጻዓደነት መንፈስ ደማ፡ ብተንተንትን ኣፍቀርትን ቅድድም ብሽክለታ ኣድናቖት ረኺቦሙ ኣለዉ።



ቢንያም ኣብ 3ይ፡ 8ይን ማብል 12ን መድረኻት ቀዳማይ ብምውጻእ ብዘመዝገቦ ዓወትን ዝተሸለሞ ሰለስተ ወርቂ ሜዳልያን፡ "በፍሪ ጸለም ኣፍሪቃዊ ተዓዋቲ መድረኽ ቱር-ደ-ፍራንስ" ዝብል ክብሪ እውን ረኺቡ'ዩ። ኣብዚ ናይ ሎሚ ዓመት ቱር ደ ፍራንስ ብሓፈሻ ናይ ሽዱ ተቐዳደምቲ ዝተራኸቡለን 9 መድረኻት'የን ነይረን። በኢ ብዘይካ ኣብታ መውድቕቲ ዘጋጠሞ ማብል 16 መድረኽ ኣብ ካልኦት 8 መድረኻት ምስ ቀዳሞት 10 ተቐዳደምቲ ኮይኑ ናይ መወዳእታ ሕንጻጽ ብምርጋጹ'ዩ እቲ ዝበለጸ ናይ ሽዱ ተቐዳዳማይ ዓለም ክኸውን ዝኸኣለ። ንሱ ኣብ ሳልሳይ መድረኽ ቀዳማይ፡ ኣብ ሓሙሻይ መድረኽ ታሽዓይ፡ ኣብ ሻዱሻይ መድረኽ ካልኣይ፡ ኣብ ሻሙናይ መድረኽ ሻሙናይ፡ ኣብ ታሽዓይ መድረኽ ታሽዓይ፡ ኣብ ዓሰራይ መድረኽ ካልኣይ፡ ኣብ ማብል 12 መድረኽ ቀዳማይ፡ ኣብ ማብል 13 መድረኽ ራብዓይ ደረጃ ከም ዝሓዘ ይፍለጥ።

ቢንያም ኣብዚ ናይ ሎሚ ዓመት ቱር ደ ፍራንስ ኣብ ቅጽበታዊ ውድድር ብዘርኣዮ ብሉጽ ብቕዓት ዳርጋ ካብ መፈለምታኡ'ዩ ቀጠልያ ናይ ክብሪ ማልያ ክወስድ ከም ዝኽእል ተገሚቱ። ይኹን'ምበር ዓወቱ ርጉጽ ክኸውን ን21 መድረኻት ክዝከሮ ነይሩዎ። ሰንበት ኣብ ዝተኻየደ ናይ መወዳእታ መድረኽ ንናይ ግዜ ውድድሩ ክዝከዎ ከሎ፡ ደቂ ጋንታኡ ሬክስ ላውረንዘን ኣብ ግዜ ቅጽበታዊ ውድድር መራሕዎ ዝወጸእ ዝበረ ማይክ ተሻሰንን እየም ኣብ ሕንጻጽ ጸሪሖም ብቶዷምት "እንኳዕ ሓጎስካ" ኢሎሞ። በኢ ንናይ ነጥቢ ቀጠልያ ማልያ ምውሳዱ ጥራይ ኢዩዝን ከም ፍሉይ ዓወት ተቐጺሩ። ንሱ ኣብ ታሪኽ ቱር ዲ ፍራንስ ናይ ክብሪ ማልያ ዝወሰደ ቀዳማይ ኣፍሪቃዊ'ዩ። ብዘይካ'ዚ ኣብ ታሪኽ ናይዚ ውድድር ናይ መድረኽ ዓወት ዘመዝገበ ናይ ፈለማ ጸለም ኣፍሪቃዊ'ዩ።

ወዲ 24 ዓመት ኤርትራዊ ተቐዳዳማይ ቢንያም ግርማይ፡ ኣብ ታሪኻዊ ዓወት ድሕሪ ምብቃዑ ኑታ ኣርማ ናይ ሽዱ ተቐዳደምቲ ዝኾነት ማልያ ክወስዳ ምኽኣሉ ፍሉይ ክብሪ ከም ዝስምዖ ብምሕባር "ሕልመይ ጋህዲ ኮይኑ" ክብል'ዩ ተዛሪቡ። ንሱ ኣብቲ ብፃልቲ ቤቱን ጓሉን ተሰኒጹ ዝበሮ ቃለ መሕተት "ግደ ሓቂ ቀጠልያ ማልያ ክወስድ ኢለ ናብዚ ውድድር ኣይመጻእኩን። ሓያለን ብቑዓትን ተቐዳደምቲ ምዃኖም ኩርኦይ እየ ተዳልየ ነይረ። ኣብ ክብሪ ምብቃዐይ ግን ዓቢ ነገር'ዩ። እዛ ዕለት እታ ዝበለጸት ናይ ሂወተይ ዕለት'ያ" ክብል መለሰ።

በኢ ኣብ ጥቓ መዛዘሚ ሕንጻጽ ጥንዴራ ኤርትራ ሒዞም ስሙ ብዮውታ ንዝጽውዑ ዝበሩ ኤርትራውያን ሰላም ድሕሪ ምባሉ'ዩ ቃለ መሕተት ኣካይዱ። "እዚ ዓወት ንዓና ሓድሽ ምዕራፍ'ዩ" ድሕሪ ምባሉ ደማ ብንብዓት ተሰኒፉ ኑቲ ቃለ መሕተት ክቕጽሎ ኣይከኣለን። ንሱ "ንዝሒሕ ዓመታት ኣብ ቅድድም ብሸክለታ ጥራይ ኢና ነይርና።



ሎሚ ግን ምስ ሰለስተ ናይ መድረኽ ዓወታት ቀጠልያ ናይ ክብሪ ማልያ ወሲድና" ክብል'ውን ብዘወሃኸ ዝተሰማዖ ሓበን ገሊጹ። በኢ ናብዚ ናይ ሎሚ ዓመት ቱር ደ ፍራንስ፡ ኑቲ ቀዳማይ ናይ ቅጽበታዊ ውድድር ተቐዳዳማይ ክለብ ኢንተር ማርሼ ኢሉ ዝተሓሰበ ጋርጠን ቲጀሰን ክሳብ ሕንጻጽ ንኸብጽሖ እዩ ዕማም ተዋፊሩዎ ነይሩ። ይኹን'ምበር ኣብ ሳልሳይ መድረኽ ናይቲ ውድድር ንሓያላይ ናይ ሽዱ ተቐዳደምቲ ዓለም ብዘደንቕ ብቕዓት በሊጹ ናይ መወዳእታ ሕንጻጽ ድሕሪ ምርጋጹ፡ እቲ ዕማም ተቐየረ። ምስ ሊ ኣኩብ ዝተባህለ ማዕከን ዜና ኣብ ዝበሮ ቃለ መሕተት'ውን እዚ ሓቂ'ዚ እዩ ኣረጋጊጹሎም።

በኢ ኣብዚ ናይ ሎሚ ዓመት ቱር ደ ፍራንስ ሕልፊ ካልኦት ተቐዳደምቲ ከም ዝደመቐ'ዩ ዝእመነሉ። ብዙሓት ዓበይቲ ተቐዳደምቲ ዓለምን ተንተንቲ ናይዚ ዓውድን ኣድናቖት ክገልጹሉ ድሕር ኣይበሉን። ተዓዋቲ ብጫ ማልያ ቱር ደ ፍናስ 2024 ፖጋቻር፡ ኣብ ኣፍሲ ወከፍ ናይ መድረኽ ሽልማት ምስ በኢ ክዘራረብ ተራእዩ'ዩ። ኣብ ናይ ሰንበት ናይ መወዳእታ መድረኽ ደማ ኣብ ልዕሊ ቢንያም ዘለዎ ክብረት ንምግላጽ፡ ኑታ ንዐወት ብጫ ማልያ እትውሃብ ናይ ኣማባእ ጫማብላ ክህቦ ተራእዩ።

ተደጋጋሚ ርክባት ዝርርብን ቢንያምን ፖጋቻርን ንብዙሓት ወገናት ዝተፈላለየ መረዳእታታት ክፈጥር ክኢሉ'ዩ። ብዙሓት ወገናት፡ እቲ ተቐዳዳማይ ናብ ክለብ ዩ ኤይ ኢ ክጸንበር ከም ዝኽእል ክገልጹ ጸሒፎም'ዮም። ከም ሓቂ'ውን ብዙሓት ዓበይቲ ክለባት ቅድድም ብሽክለታ ዓለም ኣብ ሕቝፊኦን ንኽጽንብራኦ ሳዕልን ታሕትን ክበላ ጸሒሐን'የን። በልጃማዊት ክለብ ኢንተር ማርሼ'ውን ኣይቀሰሉትን ጸሒሓ። እንሆ ሕጂ ግን እታ ክለብ ምስ በኢ ብምርድዳእ ክሳብ 2028 ዝጸንሕ ሓድሽ ውዕል ከተፈርሞ በቒዓ ኣላ። ኩለን እተን ንኽውንኖ ዕረፍቲ ስኢነን ዝጸንሓ ክለባት ከኣ ኣደን ክእክብ ተገዲደን ኣለዋ።

ኣብ ናይ ሎሚ ዓመት ቱር-ደ-ፍራንስ ካብ ዝተሳተፉ 176 ተቐዳደምቲ፡ እቶም ኣስታት ሓደ ሕምሲት ኑቲ ውድድር ከይዛዘምዎ'ዮ ዝሕብር።



## ኣምባሳደር

ኮኾብ ሰሚን በኢ ወዲ ኤሪ
ዛንታ ኮይኑ ማራት ዝበረ
ዓለም ኣፋ ሒዛ ጸለም ግን ከበረ
ኣርኢኻዩም ኣምባሳደር ምዃንካ ንዓወት ዝወፈረ።

ገሲዓ ኣፍሪቃ ጾብ ተደረራ
ብውዳ ከበራ ኳንኮላ ማጀገራ
ኣርሓ ኸሉም ኮይንካ ጸንዖትካ ሰዒራ
ጹሓይ ናይ ኣፍሪቃ በሪቓ ኣብ ኤርትራ።

ኣንታ ክቡር ኣልማዘ ብሓቂ ኣምባሳደር
ህዝቦኻ ትሰምዕ ልኡኽካ ተተግብር
ንዓዲ ኣኸሉ ንኣህጉር ዘድርር
ዓለም ኣርኢኻያ ኤረይ እንታይ ከም እትገብር።

ሃገር ብሃገራ እንሆ ትዝምር በኢ እናበለት
ጋማ ኩዲንኪያ ኣግዚምኪያ ዓወት
ምዕራብ ኣርሚምዋ ኤርትራዊ ሓሞት
በኢ ምስ በዞኮ ናይ ቀርበት ሰንሰለት።

ኣንታ ኣርሓ ሸደን ናይ ልቡ ገባሪ
ዛንታ ኣልቦ ኮይኑ ከፊትካዮ በሪ
ጸለም ተባራብር ኣፍሪቃ ውፈሪ
ናትናዩ እዚ ግዜ ወጊሑ'ዩ ምድሪ።

ኣብ ቱር ዲ ፍራንስ ተኸልካ ሓወልቲ
ነጥበ መቐደሮ ንወሎዶ ርስቲ
ዓለም ታሪኽ ዘንበሶዋ ብኣና ክትዝዝቲ
ኣህጉርና ትዕልል ተንጸፊልካ ሱቲ
ኣንታ ኑብሪ ጎልጎል ጅግና ወላድ ሳዋ
ሓሳብ ሰሚሩ ኤረይ ወፍርካ ቀደዩዋ
ልኡኽካ ኣሰሚርካ ተግቢርካ ለበዋ
እንሆ ዜናታት ናይ ዓለም ይምስክራ ኣለዋ።

ማሳልምም ምምጻእካ ከምተራ ምስታፍ
ምውሓጥ ኣብዩምም እቲ ድሕሬኻ ምትራፍ
ኣርኢኻዩም በኢ ብዓንጋ ታሪኽ ከምዝጽሓፍ
ኣብቂዕኪያ ሃገር ስማ ብወርቂ ክጽሓፍ።

ዋጋ ናይ ዓመታት እቲ ዝጸዓርናዮ
ጻማ ተረኺቡ ፍረ ናይ ዝተገዓዝናዮ
ሎሚ ተረኺቡ ትማል ዝተመነናዮ
ሳላ በኢ ጅግና ቀላሲ እቲ ዕዮ።

ንኺድ ደቂ ኤረይ ብርሃን'ዩ ቅድሜና
ገና ኣብ ፈረንሳ ዝዕመም ኣለና
ከይነቕጽ ከሎ ናይ ዓወት ጎደና
ጸቢሉ ንለኸ በኢ ኣብኡ ኣሎ ምሳና።

ኣንታ ክቡር ዕንቁ ከቢሩ ንዓዱ ዘኽብር
እንሆ ህጻን ከይተረፈ ብዓወትካ ይጭድር
ህዝቢ ብስምካ ይጽሊ ብስላም ክትኣቱ ክትወፍር
ኣብ ኣሎምፒክ ደሚቕካ ዳግማይ ዓወት ከተድርር
ወሎዶ ሎሚ እንሆ ፈረስ እንሆ ባይታ
በሪ ተራሒዩልካ በኢ ዝኸፈታ
ብዘኸኻ ዓውዲ ቤታ ናትካ ባህታ
ንኤረይ ንምስቃል ኣብ ዝበረኸ ቦታ።
ኣብዘኸኻ ዓውዲ ኩዕሶ ኮነ ሳይክል እትዝውር
ኣትሌቲክስ ኮነ ኣብ ካልእ እትወፍር
ንኡበሻኻ ኣእምና ምዃንካ ናትና ኣምባሳደር
ሽዑ ኢኻ ዝያዳ ትጽዕር ዓወታት ትኸምር።

**ኢን - ሙሴ ተኽለይ**
**ኣስመራ**

# ዜና ወጻኢ

ሸዊት ተኽለ

## ጉጅለ ልኡኽ እስራኤል ምስ ሓማስ ክዝቲ ምኺኑ ተሓቢሩ

ቀዳማይ ሚኒስተር እስራኤል በንያሚን ናታንያሁ፡ ዝመጽእ ሓሙስ ጉጅለ ልኡኽ መንግስቲ እስራኤል - ብጉዳይ እቶም ጅሆ ተታሒዞም ዘለዉ እስራኤላውያን ምስ ፍሊስጤማዊ ምንቅስቓስ ሓማስ ንምዝርራብ ክልእኽ ምዃኑ፡ ቤት-ጽሕፈት ፕረዚደንት እስራኤል ኣብ ዘውጽኦ መግለጺ ሓቢሩ።

እቲ መግለጺ፡ ናታንያሁ ዝሓለፈ ሰንበት ምስ ላዕለዎት ኣባላት ሚኒስትሪ ምክልኻል እስራኤል ድሕሪ ዘካየዶ ኣኼባ፡ ሓደ ጉጅለ ልኡኽ ክሰድድ ከምዝወሰነ ኣረዲኡ።

እቲ ልኡኽ፡ ምስ ሓማስ ኣብ ቐጠር ብምርኻብ እዩ - ብጉዳይ እቶም ጅሆታት ክዝቲ።

ብቐጠር፡ ግብጽን ኣመሪካን ዝተፈተነ ተኹሲ ደው ናይ ምባል ጻዕሪታት - ዘኾነ ኣወንታ ከርኢ ኣይከኣለን።

ከም ወጽኢቱ፡ እስራኤል ኣብ ቓዛ ብተኻዩዶ ዘላ መጥቃዕቲታት - ቁልዓ ሰበይቲ ዝርከብዎም ፍሊስጤማውያን ቀጺሊ. ግዳይ ሞትን ካልእ ጉድኣትን ይኾኑ ከምዘለዉ ይፍለጥ።



## ባይደን ካብ ፕረዚደንታዊ ውድድር ኣንሳሒቡ



ካብ መውዳእታ ናይ ዝሓለፈ ወርሒ ሰነ ጀሚሩ፡ ካብ ውሽጢ ኣባላት ሰልፊ ደሞክራትስን ካብ ግዳምን ኣብ ፕረዚደንታዊ ውድድር ከይሳተፍ ጸቕጢታት ክውሕዞ ዝጸንሐ መበል 46 ፕረዚደንት ኣመሪካ ጆ ባይደን፡ ዝሓለፈ ሰንበት - ኣብቲ ሕዳር 2024 ዝካየድ ፕረዚደንታዊ ምርጫ ከምዘይወዳደር ብወግዒ ኣፍሊጡ።

ባይደን "ዳግም ክምረጽ ትጽቢት እኳ እንተነበረ፡ ንረብሓ ሰልፈይን ሃገረይን ክብል - ኣብቲ ፕረዚደንታዊ ውድድር ኣይክሳተፍን እየ" ኢሉ።

ኣብ ዝሓለፉ ቀረባ ሰሙናት፡ ዝተፈላለዩ ኣባላት ሰልፊ ደሞክራትስ ዝርከብዎም ፖለቲከኛታት እታ ሃገር፡ ባይደን ኣብቲ ምርጫ ዝዕወተሉ ዕድላታት እናተሓተ ይመጽእ ከምዘሎ ብምምልካት - ሕጹይ ፕረዚደንት እቲ ሰልፊ ኮይኑ ካብ ምውድዳር ክስሕብ ክሓትቱ ምጅንሖም ይፍለጥ።

ብፍላይ፡ ድሕሪቲ ኣብ መወዳእታ ሰነ ምስ ሕጹይ ፕረዚደንት ሰልፊ ሪፓብሊካን ፕረዚደንት-ነበር ዶናልድ ትራምፕ ኣብ ዝነበሮ ፋልማይ መድረኽ ክትዕ ዘጋጠሞ ድኽመት፡ ሓፈሻዊ ኩነታቱን ቀመናኡን ከምዝተጋሀደ እዩ ዝግለጽ።

ዝ. ሰዓብ፡ ምክትሉ ኮይና ክትሰርሕ ዝጸንሐትን ዘላን - ካማላ ሃሪስ፡ ሕጽይቲ ናይቲ ሰልፊ ኮይና ክትቀርብ ደገፉ ብምሃብ፡ ኣብ ዝሓለፉ ዓመታት "ፍልይቲ መሻርኽተይ ነይራ" ክብል ኣመስጊንዋ።

ተረፈናኦ ዘለዋ ናይ ስልጣን ግዜ ብምልኣት ንምፍጻም ከምዝሰርሕ ዝገለጸ ፕረዚደንት ባይደን፡ ኩሎም ኣባላት ሰልፊ ደሞክራትስ ንዓወት ካማላ ሃሪስ ክሰርሑ ተላቢዩ።

ጓል 59 ዓመት ምክትል ፕረዚደንት ካማላ ሃሪስ፡ በቲ ፕረዚደንት ምሕጻያ ክብሪ ከምዝሰመዓ ብምግላጽ፡ ብወግዒ ሕጽይቲ ሰልፊ ዲሞክራትስ ክትከውን ዘለዋ እምነት ኣቃሊሓ።

ድሮ ናይ ምረጻኢ ገሰጋሰት ንምክያድ፡ ንጥሬታት ጀሚራ ምህላዋ እውን ተሓቢሩ።

ባይደን፡ ካብቲ ፕረዚደንታዊ ውድድር እንተደኣ ወጺኡ - መን ክትክኦ ይኸውን. . . ዝብል ኣርእስቲ ክዝርብ ጸኒሑ እዩ።

እቲ ፕረዚደንት ካብቲ ምርጫ ከምዝገለሉ ድሕሪ ምግላጹ፡ ብርክት ዝበሉ ፍሉጣት ሰብ'ውን ከይተረፈ - ንካማላ ሃሪስ ዘለዎም ደገፍ ከሰምዑ ጀሚሮም ኣለዉ።

ናይ ኤሲያ መበቆል ዘለዋ ካማላ ሃሪስ፡ ኣብ ወርሒ ሕዳር ኣብ ዝካየድ ምርጫ እንተደኣ ተዓዊታ፡ ኣብ ታሪኽ ኣመሪካ ፈልመይቲ ጓል-ኣንስተይቲ ፕረዚደንት ክትከውን ኢያ።

## ነፈርቲ ውግእ ሩስያ ንነፈርቲ ውግእ ኣመሪካ መሊሰን

ሩሲያ፡ ዝሓለፈ ሰንበት ናብ ክሊ ኣየራ ዝተጸግዓ ክልተ ነፈርቲ ውግእ ኣመሪካ - ኣኳሊማ ከምዝመለሰት ገሊጻ።

እቲ ኣብ ክሊ ኣየር ባሕሪ ኣርክቲክ ዝተወስደ ስጉምቲ ውሑስ ምንባሩ ዝገለጸ ሚኒስትሪ ምክልኻል ሩሲያ፡ ኣመሪካ ተኹታኺ ስጉምቲታት ካብ ምውሳድ ክትቁጠብ ኣተሓሳሲቡ።

እቲ ሚኒስትሪ፡ ሰራዊት ሩሲያ - ሚግ-29ን ሚግ-31ን ዝዓይነተን ነፈርቲ ውግእ ብምጥቃም፡ ኑተን ነፈርቲ ኩናት ኣመሪካ ከምዝዓገተን ድሕሪ ምጥቃሱ፡ ስትራተጂያውያን ነፈርቲ ኩናት ምንባረን ኣረዲኡ።

"እተን ነፈርቲ ኩናት ኣመሪካ፡ ናይ ሩሲያ ነፈርቲ እናቐረባአን ምስ ኩዳ - ኣንፈት በረራአን ብምስትኽኻል ዶብ ሩሲያ ሓዲገን ተጠውየን" ክብል እቲ ሚኒስትሪ ወሲኹ የረድእ። ነፈርቲ ውግእ ሩሲያ፡ ኣህጉራዊ ሕግታት ኣጠቓቕማ ክሊ ኣየር ብምኽባር - ነቲ ስጉምቲ ከምዝወሰዳአ እውን ሓቢሩ።

ወተሃደራዊ ቤት-ጽሕፈት ፔንታጎን፡ ንመግለጺ ሩሲያ ኣመልኪቱ ዘኾነ ምላሽ ኣይሃበን ዘሎ።



## ፊሊፒንስ፡ ናይ ምክልኻል ስምምዓት ንምስፋሕ ትሰርሕ



መንግስቲ ፊሊፒንስ፡ ሰራዊት ሃገራት ካናዳ፡ ፈረንሳ፡ ኒውዚላንድን ካልኦትን፡ ኣብ መሬቱ ክዋፈሩ ዘኽእል ስምምዓት ንምፍጣር ይጽዕር ከምዘሎ ሚኒስተር ምክልኻል እታ ሃገር ዝሓለፈ ሰሉይ ገሊጹ።

ሚኒስተር ምክልኻል እታ ሃገር ጊልበርቶ ቴዎዶሮ ንቻናል ዜና ኣይኤንሲ ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ እቲ ስምምዓት ኣብ ዝመጽእ ዓመት ክኽተም ተስፋ ከምዘለዎ ሓቢሩ።

እቲ ስምምዓት፡ ሰራዊት እተን ሃገራት ኣብ ውሽጢ መሬት ፊሊፒንስ ከም'ኡ ድማ ሰራዊት ፊሊፒንስ ኣብ መሬት እዘን ሃገራት ክሰርሑ ዘፍቅድ ብምዃኑ፡ ንዝያዳ ምትሕብባር ዘተባብዕ ከምዝኾነ - እቲ ሚኒስተር ወሲኹ ኣረዲኡ።

"እቲ ዝሕሰብ ዘሎ ስምምዕ ናብ ወተሃደራዊ ኪዳን ዝቐረበ እዩ" ክብል እውን - እቲ ሚኒስተር የጽር።

ፊሊፒንስን ጃፓንን ኣብ መጀመርታ ናይ'ዚ ወርሒ እዚ ኣብ መሬት ሓድሕድ - ሰራዊት ንምውፋር ዘኽእል ፍሉይ ወተሃደራዊ ስምምዕ ምፍርራመን ይዝከር።

ፊሊፒንስ፡ ብጉዳይ ባሕሪ ደቡብ ቻይና - ምስ ህዝባዊት ሪፓብሊክ ቻይና ኣብ ወጥሪ ከምእትርከብ ዝፍለጥ እዩ።

ቻይና፡ እቲ ጉዳይ ብሰላማዊ መንገዲ ክፍታሕ ከምዝኾነ ብምሕባር፡ ዝምልከተን ሃገራት ኩፉ ኣለን ክዘራረባሉ ኢያ ክትጽውዕ ጸኒሓ።

ቻይና፡ ፊሊፒንስ፡ ማለዥያ፡ ኢንዶነዥያ፡ ቬትናም፡ ታይላንድን ብሩነይን ኣብቲ ማያዊ ኣካል እጃታ ከምዘለወን ዝምጉታ ሃገራት እየን።



## ደቡባዊ ኣፍሪቃ - ብሰንኪ ደርቂ ኣዋጅ ህጹጽ እዋን ተመሓላሊፉ

ዘምብበው፡ ዛምቢያ፡ሞዛምቢክን ማላዊን ብሰንኪ ደርቂ - ናይ ህጹጽ እዋን ኣዋጅ ከምዝመሓላለፋ ተሓቢሩ።

እተን ሃገራት ነቲ ስጉምቲ ዝወሰዳ፡ ኣብ ደቡባዊ ክፋል ኣፍሪቃ ተኸሲቱ ብዘሎ ብርቱዕ ደርቂ፡ ልዕሊ 20 ሚልዮን ሰባት ሓደጋ ጥምየት ኣንጸላልይዎም ከምዘሎ ኣብ ዝገለጸሉ ዘሎ እዋን እዩ።

ኣብ'ቲ ዞባ፡ ብሰንኪ ዋሕዲ ዝናብ ዝሓለፈ ዓመት እቲ ዝተሓተ ሕርሻዊ እቶት ከምእተረኽበ እየም፡ ጸብጻባት ዝሕብሩ።

ኣብ'ዚ ዓመት እዚ እኹል ዝናብ ምስ ዘይወቅዕ ድማ፡ ሓደጋ ጥምየት ናይ ዚጋጥሞም ግዳያት ቁጽሪ - ብዕጽፊ ክዛይድ ከምዝኽእል ስግኣታት ኣሎ።

ዞባ ደቡባዊ ኣፍሪቃ፡ ብሳዕቤናት ክሊማዊ ምምዝባል ብኸቢድ ተሃስዩ ከምዘሎ ክግለጽ ጸኒሑ እዩ።


| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ |
|---|---|---|---|
| ፋርማሲ ፋሚሊ | 23/07/2024 | ጎደና 195፡6ከባቢ ባሕቲ መስከረም ኳ. ቤት መግቢ ሊባኖስ | 110740 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ቴሌፎን 127565


Sabur Printing Services